ምስላታት

የትግርኛ ምሳሌያዊ ንግግሮች

ብሓልዮት ናይ ኢትዮጵያ ቋንቋታት ኣካዴሚ ተሓቲሙ ዝወፀ

አዳለውቲ

ፅጌረዳ ተኽለ
አስመላሽ ወ/ማርያም
አስመሮም ገ/ስላሰ

ፈለማ ሕታም 1985 አዲስ አበባ
መሰሉ ብሕጊ ዝተሓለወ እዩ

ብቤት ማሕተም አርቲስቲክ ተሓትመ

ም ስ ጋ ና

ነዚ መፅሓፍ እዚ ንምስንዳእ ዘይሕለል ፃዕሪ ዝገበሩ ወ/ሪት ፅጌረዳ ተኽለ ፣ አቶ አስመላሽ ወ/ማርያምን አቶ አስመ ሮም ገ/ስላሴ ፣

ነዚ መፅሓፍ ንምእራም አብ ዝቑወመ ኮሚቴ ፣ ጊዜአም ሰዊአም ዝለዓለ አበርክቶ ዝገበሩ አቶ ፀጋይ ወ/ማርያምን አቶ ተስፋይ ተወልደን፣እዚ ናይ መፅሓፍ ረቂቕ ብምእራምን ጠቓሚ ርእይቶታት ብምሃብን ንዝሓገዙና ዶ/ር ሃይሉ አርአያ አቶ መስ ፍን መሰለ ከምኡእውን መም. አስረስ ተሰማ ፣

እዚ መፅሓፍ ፅሩፍ ኮይኑ ብሓኺር እዋን ንኽወፅእ ናይ አር ቲስቲክ ቤት ማሕተም ሓለፍትን ሰራሕተኛታትን ንዘርአይዎ ትጉህ ምትሕብባር ብሓፈሻ ክብ ዝበለ ምስጋና ነቕርብ ።

ናይ ኢትዮጵያ ቋንቋታት አካዴሚ

ም ስ ጋ ና

መፅሓፉን ለማዘጋጀት ከፍተኛ ጥረት ላደረጉት ለወ/ት ፅጌረዳ ተክሌ ፣ ለአቶ አስመ ላሽ ወ/ማርያምና ለአቶ አስመሮም ገ/ስላሴ ፣

መፅሐፉን ለማረም በተቋቋመው ኮሚቴ ውስጥ ጊዜአ ቸውን በመስዋት ከፍተኛ አስተዋፅኦ ላበረከቱት አቶ ፀጋይ ወ/ማርያም ፣ አቶ ተስፋዬ ተወልደ ፣

መፅሐፉ በሚዘጋጅበት ወቅት ረቂቁን በማረምና ገንቢ አስተያየቶችን በመስጠት አስተዋፅኦ ላበረከቱ ዶ/ር ሃይሉ አርአያ አቶ መስፍን መሰልና መም. አስረስ ተሰማ ፣

መፅሐፉ ዋራት ኖሮት በአጭር ጊዜ ውስጥ እንዲወጣ የአርቲስቲክ ማተሚያ ቤት ሃላፊዎችና ሰራተኞች ላሳዩት የስራ ትብብር በአጠቃላይ ከፍተኛ ምስጋና እናቀርባለን ።

የኢትዮጵያ ቋንቋዎች አካዴሚ

መ ቅ ድ ም

ናይ ኢትዮጵያ ቋንቋታት አካዴሚ ካብቲ ዝቐወመሉ ዕላማ ሓደ ናይ ብሄር ብሄረሰባትን ስነቓል ባህላዊ ጥቕሞምን ላዘአምን ዓቂብካ ምእካብን ከምኡ እውን ታሪኻዊ ቕርስታት ብምኽኖም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክመሓላለፉን እዚ ሓዲሽ ወለዶ ከአ አብ ቋንቋ አጠቓቕምኡ ንኸጥቐመሉን እዩ ። ስነቓል ካብ ህዝቢ ዝርከብ ናይ ቕርሲ ሃብቲ ከም ምኽኑ መጠን ተአኪቡ መዕናዕትን ምርምርን እናተገብረሉ ፣ ብመ ልክዕ መዕሐፍ ተሰናዲኡ ሕብረተሰብ ክጥቐመሉ ዝኽእለሉ መገዲ ንምምዕርራይ ፃዕሪ እናተገብረ እዩ ።

ቕድሚ ሕጂ ናይ ኣምሓርኛ ምስላታት ዝሓዘ መዕሐፍ ተሓቲሙ ንህዝቢ ቐሪቡ ኔሩ እዩ ። እቲ መዕሐፍ ኣዕጋቢ ውዕኢት ስለዘርኣየ ፣ ናይ ትግርኛ ምስላታት ከአ ምስ ናይ ኣምሓርኛ ትርጉም ኣሕቲሙ ንኣንበብቲ እንሆ ይብል ። እዚ መዕሐፍ እዚ ብኽልተ ቋንቋ ዝተሓ ተመሉ ምኽንያት ካብቶም ወነንቲ እቲ ቋንቋ ወፃኢ ዝኾኑ ተጠ ቐምቲ፤ናይቲ ሕብረተሰብ ባህሊ ፣ እምነት ፣ ምህዞ ወዘተ ምልላይ ዓበይ ሓገዝ ይገብር ኢልና ንኣምን ። ብተወሳኺ አብ ቋንቋ ዝተመርኮሰ መዕናዕትን ምርምርን ንዝገብሩ ተመራመርቲ ምሁራት ዕቡቕ ሓበሬታ ይኾናም ። እቲ ሕብረተሰብ ከአ ብዛዕባ ስነቓል ዘለዎ ርእይቶ ክብ ንምባል ይሕግዝ ።

እዚ ሕታም ናይ መጀመሪያ ስራሕ ከም ምኽኑ መጠን ፍፁም ዝኾነ ስራሕ እዩ እኳ እንተዘይተባህለ ፣ በብእዋኑ እናተመሐየሸን እና ማዕበለን ተሓቲሙ ንህዝቢ ክቐርብ እዩ ዝብል እምነት አለና ።

ናይ ኢትዮጵያ ቋንቋታት አካዳሚ ከም ናይ ኦሮምኛ ፣ ወላይትኛ ፣ ሲዳምኛ ፣ ጉራጊኛ ፣ ዝኣመሰሉ ናይ ብሄር ብሄረሰባት ምስላታት ዓቕሙ ብዝሪቕዶ መጠን ብተኽታታሊ ንምሕታም መደብ ከምዘለዎ በዚ አጋጣሚ እዚ ንምግላፅ ይፈቱ ።

ናይ ኢትዮጵያ ቋንቋታት አካዴሚ

መ ቅ ድ ም

የኢትዮጵያ ቋንቋዎች አካዳሚ ከተቋቋመበት አላማዎች አንዱ የብሄርና ብሄረሰቦችን ስነቃል ባህላዊ እሴታቸው እንደተጠበቀ መሰ ብሰብና ታሪካዊ ቅርስነታቸው ተጠብቆ ከትውልድ ወደ ትውልድ እን ዲተላለፍና አዲሱ ትውልድ በቋንቋ አጠቃቀም እንዲገለገልበት ነው ። ስነቃል ከህዝብ የሚገኝ ቅርስና ሃብት እንደመሆኑ መጠን ስብስቡ ጥናትና ምርምር እየተደረገበት በመፅሐፍ መልክ ተዘጋጅቶ ለህብረ ተሰቡ ግልጋሎት የሚውልበትን መንገድ ለማመቻቸት ጥረት እየተ ደረገ ነው ።

ቀደም ሲል የአማርኛ ምሳሌያዊ ንግግሮች በመፅሐፍ ታትሞ ወጥቷል መፅሐፉ አጥጋቢ ውጤት በማሳየቱ ፣ የትግርኛ ምሳሌያዊ ንግግሮች ከአማርኛ ትርጉማቸው ጋር አሳትሞ ለአንባቢያን እንሆ ይላል ። መፅ ሐፉ በሁለት ቋንቋዎች መታተሙ ከቋንቋው ባለቤት ውጭ ለሆኑት ተጠቃሚዎች የህብረተሰቡን ባህል፣እምነትና ፍልስፍና ወዘተ ለማስተ ዋወቅ ከፍተኛ እገዛ ያደርጋል ብለን እንገምታለን ። በተጨማሪም በቋንቋዎቹ ላይ ጥናትና ምርምር ለሚያደርጉ ተመራማሪዎች ፣ ምሁ ራንና ተማሪዎች ጭምር ከፍተኛ ግልጋሎት ከመስጠቱም በላይ ፣ ህብረተሰቡም ስለስነቃል ያለውን ግንዛቤ ከፍ ለማድረግ ይረዳል ።

እትሙ የመጀመሪያ ስራ እንደመሆኑ መጠን ፣ ፍፁም የሆነ ስራ ነው ባይባልም በየጊዜው እየዳበረና እየተሻሻለ ታትሞ ለህዝብ ይቀር ባል ብለን እናምናለን ።

የኢትዮጵያ ቋንቋዎች አካዳሚ የብሄር ብሄረሰቦችን ምሳሌያዊ ንግግሮች በተከታታይ ለማውጣት ባለው እቅድ መሰረት ዝግጅታቸው ተጠናቆ ለህትመት የደረሱትን የኦሮምኛ ፣ የወላይትኛ ፣ የሲዳምኛ ፣ የጉራጌኛ . . . ምሳሌያዊ ንግግሮች መፃሕፍትን ለማሳተም እቅድ ያለው መሆኑን በዚህ አጋጣሚ መግለፅ ይወዳል ።

ስነቃል የህዝብ ሀብት እንደመሆኑ መጠን በመሰብሰብ ፣ በመጠ በቅና በመንከባከብ አኳያ የህዝቡ ትብብርና ተሳትፎ ወሳኝ ነው ።

የኢትዮጵያ ቋንቋዎች አካዴሚ

ሰ ደ ቃ ት ሕ ገ ቶ

ገፅ

ምስጋና - - - - - - - - - - - - - - - - - 3

መእተዊ - - - - - - - - - - - - - - - - - 7

ሀ — ሀ — ዝጅምሩ ምስላታት - - - - - - - - 19

„ — ለ — „ „ - - - - - - - - 23

„ — ሐ — „ „ - - - - - - - - 30

„ — መ — „ „ - - - - - - - - 52

„ — ረ — „ „ - - - - - - - - 79

„ — ሰ — „ „ - - - - - - - - 83

„ — ሸ — „ „ - - - - - - - - 102

„ — ቀ — „ „ - - - - - - - - 105

„ — በ — „ „ - - - - - - - - 113

„ — ተ — „ „ - - - - - - - - 136

„ — ኀ — „ „ - - - - - - - - 146

„ — አ — „ „ - - - - - - - - 180

„ — ከ — „ „ - - - - - - - - 231

„ — ወ — „ „ - - - - - - - - 266

„ — ዐ — „ „ - - - - - - - - 282

„ — ዘ — „ „ - - - - - - - - 292

„ — የ — „ „ - - - - - - - - 324

„ — ደ — „ „ - - - - - - - - 326

„ — ጀ — „ „ - - - - - - - - 336

„ — ገ — „ „ - - - - - - - - 336

„ — ጠ — „ „ - - - - - - - - 351

„ — ጨ — „ „ - - - - - - - - 356

„ — ፀ — „ „ - - - - - - - - 358

„ — ፈ — „ „ - - - - - - - - 366

ትርጉም ቃላት - - - - - - - - - - - - - - - 376

መ እ ተ ዊ

ስነቓል ባህሊ ወግዒ ወይ እውን ልማድ ናይ ቀዳሞት አቦታት ብቋንቋ ተሓጊዙ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብቓል እናተመሓላለፈ ዝመፀ እዩ።ወዲ ሰብ ኣብዛ ዓለም ምንባር ካብ ዝጀመረሉ እዋን ኣትሒዙ ስነ ቓል ኔሩ እዩ ። ስለዚ ስነቓል ንናይ ወዲ ሰብ መሰረታዊ ዝኾኑ ስም ዒቱን ድሌቱን ሓሳቡን ናይ ምግላፅ ሓይሉ ወሰን የብሉን ። ንኣብነት ሓዘን ኪጋጥሞ እንከሎ ስምዒቱ ብዝተንክፍ ግጥምታት ንሐዘኑ መግ ለፂ መልቀስ ፤ ሐጎስ ወይ ፍቕሪ ክሰምዖ እንከሎ ብዜማ ኣዋሂዱ ደርፊ ይደርፍ ፤ ኣብ እዋን ስራሕ ንማሕረስ ፥ ንፃህያይ ፥ ንዓፂድ ዝሰማም ዑን ዘበራትዑን ደርፍታት እናደረፈ የሳልጥ ። ስርሑ ወዲኡ ኣብ ዘዕርፈሉ ግዜ ንመዘናግዒ ዝኾውን ከም ሕንቅልሕንቅሊተይ ፥ እን ካኣዝግኒ ፥ ፅውፅዋይ እናተንጋገረ ብስራሕ ንዝደኸመ ኣእምሮ የሐ ድሶ ወ.ዘ.ተ ።

ታሪኽ ወዲ ሰብ ብጣዕሚ ነዊሕ እዩ ። ንሓያለ ዓመታት ሕብረተ ሰባት ናይ መንባብረኦም ሰርዓት ልምዶምን ታሪኾምን ካብ ስነቓል ንረኽቦ ። ምኽንያቱ ናይ ፅሑፍ ክእለት ስለ ዘይነበሮም ብፍላይ ቅድሚ ርእስማልነት ስርዓት ዘበናዊ ናይ ስነጽሑፍ ፍልጠት ዘይደንፈዐ ብምንባሩ እቲ ታሪኽ ባህሊ ይኹን ልምዲ ኣቦ ንወዲ ኣናነገረ የመ ሓላልፍዎ ነበሩ ። ናይ እዛ መፅሐፍ ዋና ዕላማ ከኣ ባህሊ ወግዒ ወለድና ኣብ ፅሑፍ ኣስፈርካ ንዝቕፅል ወለዶ ምርካብ እዩ ።

ስነቓል ዝተፈላለየ ዓይነት እኳ እንተኾነ ሓደ ዝገብሮ ጠባይ ኣለዎ ። እዚ ከኣ ብወዝቢ ዝበሃል ዘይኮነስ ምዕሩይ ዝኾነ ኣግባብ ብም ህላው እዩ ። ንፈነውኡ ብቕዓት ንኽህልዎ እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ክማልኡ ይግባእ ።

ሀ/ ኩነታት (Occasion)

ስነቓል ክካየድ ኩነታት ምኽንያትን ኣጋጣሚን ክህሉ ይግባእ ። እዚ ከኣ ሞት ወይ መርዓ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ምስ ዘጋጥሙ ሰባት

ተአኪቦም ግቡኣም ዝፍፅሙሉ ኩነታት ይበሃል። ንኣብነት ደራፋይ ዝደርፍ ኣብ መርዓ ኣብ በዓል ወይ ሰባት ተአኪቦም ኣብ ዝሰምዕሉ ኩነታት እዩ። ናይ ፈኽራ ግጥምታት ንኽግጠም ናይ ጀግንነት ስራሓት ክፍፀም እንከሎ እዩ። ምስላታት እውን ዝምሰሉ ኣብ ግቡእ ኣጋጣምን ኩነታትን ሰማዕቲ ኣብ ዘለውሉ ይኸውን ማለት እዩ።

ለ/ ፈፃሚ/መዘንተዊ (Performer)

ስነቓል ፈፃሚ የድልዮ። ብዘይ ገባሪ ወይ መዘንተዊ ሰብ ስነቓል ህልውንኡ ኣይፍለጥን። ንኣብነት ፅውፅዋይ እንተድኣ ክንገር ኮይኑስ ነታ ፅውፅዋይ ኣጠዓሚሙ ዝዛረብ ሰብ የድሊ። ኣብ ሕንቕልሕንቕሊተይ ፀወታ እውን "ሕንቕልሕንቕሊተይ" ኢሉ ዝሕትት ሰብ ከሀሉ ናይ ግንድን እዩ። ንደርፊ ደራፋይ ንመልቀስ እውን መልቀሲ ኣለዎ። ናይ ድምፁ ጣዕሚ ይኹን ናይ ክእለቱ ብስለት ኣብ ግምት ከየእተና ስነቓል ዝትግበር ሰብ ወይ ሰባት ወይ ጉጅለታት ክህልዉ ኣለዎም።

ሐ/ ተሳተፍቲ/ሰማዕቲ (Audience)

ስነቓል ኣብ ዝንገረሉ እዋን ናይ ሰማዕቲ ወይ ተዓዘብቲ ርእይቶ ይኹን ተሳትፎ ምስ ዝሀሉ ኩነታቱ ዝተማልአ ይኸውን። ንኣብነት ሓደ ናይ ስነቓል ፈፃሚ እንተድኣ ይደርፍ ኣልዩ ተቐቢሉም ዝደርፉ ወይ እውን እናኣጣቐዑ ዝስዕስዑ ክህልዉ እንከለዉ ምልኣት ናይ ስነቓል ይረጋገፅ ማለት እዩ። "ሕንቕልሕንቕሊተይ" ኢሉ ክሐትት እንከሎ "ሰናብሰናቢተይ" ኢሉ ነቲ ሕቶ መልሲ ዝህብ ይህሉ እዩ።

መ/ ናይ ሓባር ዝኽሪ (Common memory)

ስነቓል ከምቲ ኣብ ትርጉሙ ዝተገልፀ ካብ ቐዳሞት ኣቦታት ብቓል ዝወረስናዮ ቅርሲ ብምኽኑ፡ እቲ ተረካባይ ወለዶ እውን ከምኡ ብቓሉ ናብ ዝቐፅል ወለዶ የመሓላልፎ። እዚ ቀፃሊ ዝኾነ ውደት ንኽፍፀም ዘኽእሎ ሓደ ሕብረተሰብ ናይ ሓባር ዝኽሪ ስለ ዘለዎ እዩ። ይኹን እምበር እዚ ናይ ሓባር ዝኽሪ ናይቲ ሕብረተሰብ ኣካል ብዝኾነ ውልቀሰባት፡ ናይ ምዝካር ይኹን ምምሃዝ ፍልይ ዝበለ ክእለት ዘለዎም ይፍፀም። ንኣብነት ደራፋይ ክደርፍ እንከሎ ካልኦት ይቕበሉ ብሓባር ክእ ይፃወቱ እቲምንታይ ናይ ሓባር ዝኽሪ ስለዘለዎም።

ረ/ ክንውን ፡ አከዋውና (Performance)

ከከም ዓይነቱን ትሕዝትኡን ያታ ይንገር ንኣብነት ፅውፅዋይ ይንገር ፡ ደርፊ ይድረፍ ፡ መልቀስ ይልቀስ ከከም አጣባቡ ካኣ ምንቅስ ቓሳትን ሳዕስዒትን ይግበር ።

እዚ አብ ላዕሊ ተጠቒምናሉ ዘለና ቓላት ብዝመስለና ቕቡል ይኸውን እዩ ኢልና ዝተርጉምናዮ እዩ ። ንብድሕሪ ሕጂ ግን ምሁራት ተኣኪቦም ዓሚቕ ዘተ ጌሮም ንዘቕርቡልና አዕጋቢ ስያሜ ሕንኮፋይ ኢልና ተቒበልቲ ኢና ።

ስነቓል ከምቲ ቕደም ክብል ዝተገለፀ ናይ ሕብረተሰብ ታሪኽን መንነትን ይገልፅ ። ብተወሳኺ ከኣ ንዝተፈላለዩ ናይ መፅናዕቲ መዳያት ንኣብነት ንስነፍልጠት ተመራመርቲ ፡ ንመፅናዕቲ ቋንቋን ስነፅሑፍን ዕብየት መበገሲ ዓቢ ግዴ የወፈ ። ሓደ ሓደ ናይ ዓለም ውሩያት ፀሓፍቲ ካብ ስነቓል ፍልጠት ተላዒሎም ከም ዝፅሕፉ ይፍለጥ ። አብ ሃገርና እውን ከም በዓል ሊቕመዘምራን ሞገስ ቕባገርጊስ ፡ አባ ይስሃቕ ገ/የሱስ ፡ መምህር አስረስ ተሰማ ወ.ዘ.ተ. ዝአመሰሉ ፅሑፋቶም አብ ባህላዊ ታሪኽን ምስላን ዝተመስረተ ከምዝኾነ ይፍለጥ ።

ስነቓል ብዙሕን ዝተፈላለየን ዓይነት አለዎ ። ገለ ካብቶም ልሙዳት ዓይነት ከም ምስላ ፡ ነበረያነበረ ፡ ተረካብ ዘረባታት ፡ ሕንቅልሕን ቅሊተይ ፡ እንካኣዝግኒ ወዘተ ዝአመሰሉ እዩም ። ይኹን እምበር አብዚ መፅሓፍ እዚ ንምስላታት ጥራሕ ቆላሕታ ብምሃብ ብፍላይ አብ መእተዊ እንታይነት ምስላ ጥቕሙ ፡ ቅርፁን ትሕዝትኡን ክን ገልፅ ንፍትን ።

ምስላ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ንነዊሕ ዘበናት ዝኣከቦ ፡ ናይ ህይወቱ ተሞክሮ ዝሓዘ ክኸውን እንከሎ ናይ ፖለቲካውን ፡ ማሕበራውን ፡ ቁጠባውን ርክባት ክምኡውን አተሓሳስባኡ ብንፁር ዘርኢ መዘከርታ እዩ ።

ትግርኛ ዝዛረብ ሕብረተሰብ ምስላ ካብቲ መሳልታዊ ዘረብኡ ክሳብ አብ ዝለዓለ ናይ ባይቶ መጕቶ ክጥቀመሉ ፀኒሑ እዩ ። ‘‘ነገር

ብያታ እኽሊ ብለቐታ'' ዝብል ናይ ኣቦታት ኣበሃህላ ሕብረተሰብን ምስላን ዘይፈላለዩ ምኽኖም የብርሃልና ፡ከም መረድኢ ከኣ ክርቂሕ ይኽእል ።

በቲ ናይ ሕብረተሰቡ ኣረኣእያ ብምስላ እናኣተርኣሰ ዝዛረብ ሰብ ካብ ካልኦት ዝለዓለ ፍልጠትን ክእለትን ከምዘለዎ ስለዝቐፀር ዓቢ ቦታ ይወሃቦ ኔሩ ። ''እከለ ኣዋድታ ዘረባ ይኽእል እዩ'' ተባሂሉ ከኣ ኣብ ባይቶ ወይ ኣደባባይ ዝለዓለ ስፍራ ይሕዝ ። እዚ ክንብል እንከለና ከኣ ከምዚ ሕጂ ብዘበናዊ ናይ ሕጊ ኣሰራርሓን ቤት ፍርዲን ቅድሚ ምትካሉ ናይ ቀደም ሕብረተሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ኣብ ባህሊ ዝተ መስረተ ኣወሃህባ ፍርዲ ኣብ ዝካይደሉ ዝነበረ እዋናት ማለት እዩ ።

እዚ ባህላዊ ዝኾነ ፍርዲ ባይቶ ወይ ናይ ዋሕስ ኣግብኣ ስርዓት ብምስላ እናተጠቐሙ ነቲ በዓል ነገርም ንምርታዕ ይፅዕሩ ። ኣብ ዋሕስ ኣግብኣ መጮት ሀሞት እቲ ሓደ ተሚጋቲ ''እግዚኣብሔር የርኢኹም'' ብዝብል ዘረባ ይጅምር እሞ ምስላ ኣስዒቡ ብሕፅር ዝበለ ግጥምታት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ሓሳቡ ይገልፅ ።

ተኸሳሲ. እግዚኣብሄር የርእዮም እምላኽ የመልክቶም ኣነ እነሆ ዳኣሲ ከይተንቀሳቐስኩ ከይተወሳወስኩ ሓፍ ኣቢሉ ቐቲሉኒ ።

ዳኛ ይብለካ ኣሎ ይብሎ ንተኸሳሲ ።
እቲ በዓል ነገር ከይሓሰቦ ወይ ከይተዳለወ ነቲ ዝተ ሓተቶ ክምልስ ይግበር ።
ነቲ ዝቐረበሉ ክሲ ከኣ ቅልጡፍን ግቡእን መልሲ ብምምላስ ንኽይርታዕ ይቃለስ ።

ተኸሳሲ. እግዚኣብሄር የእርዮም ኣምላኽ የመልክቶም ኣባው ከም ላዕላይ ሓያል ከም ቀላይ ከፀልመኒ ደኣ ደልዩ እምበር ኣይበልኩ ኣይገበርኩ ።

ዳኛ እዚ ከሳሲ ትረትዕዶ ከም ግቡእ

ከሳሲ. ኣረትዕ እወሓስ

ተኸሳሲ. ኣነ ኽኣ ኣግብእ

ብኽምዚ ዝኣመሰለ እቲ ምጉት ይቐፅል ። ብተወሳኺ ነቲ ዳኛ ብምምሓስ ነቲ በዓል ነገሩ ግን ብብርቱዕ ቃላትን ኣጠቓቕማ ምስላን ኣማዓራርዩ ብምዝራብ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ብምርታዕ ናይ ምምሓት ክእለቱ የመስክር ።

ምስላታት አብ ሕብረተሰብ አብ ውሽጢ ማሕበራዊ ናብራ ንዝፍጠሩ እከይ ስራሓት ንምክልኻል አብ ክንደአቶም ፅቡቕ ስነምግባር ምእንታን ክድንፍዕ አብ ሞንጎ ደቂ ሰባት ፍቕርን እምነትን ፡ ለውሃትን ትሕትናን ንክህሉ ትምህርቲ ይህቡ ።

አቐምጥ ዝበሉዎ አየጥፍእ ፡ አፀብቕ ዝበሉዎ አየኽፍእ
ዝተዛረብዎ ካብ ዝጠፍእ ፡ ዝወለድዎ ይጥፍእ
እትአምኖ ልኢኽካ ፡ እንታይ ተረፈኒ አይትበል

እዚአቶም ነንሕድሕድካ ምፍቓርን ምድንጋፅን ከምዝግባእ ዘተሓሳስቡ ክኾኑ እንከለው ።

ንስሱዕ ሓደ ይሓንቆ ፡ ሓደ ይወድቆ
ከይብሉንን ክጥቅምን ፡ አይገጣጠምን
አነ መይተስ ዳንዴር አይትብቆላ ፡ በለት አድጊ
በይኑ ዝበልዕ ፡ በይኑ ይመውት
ተሸፊኑ ዝበልዕ ፡ ተጎምቢሕካ እተዎ

ከምዚ ዝበሉ ከኣ ስለዐ ፡ ምትላል ፡ ናይ ውልቂ ጥቕምን ንነብስኻ ምፍታውን አብ ማሕበረሰብ ዘነውር ተግባር ምኻኑ ምዕዶ ይልግስ ።

ቁልዑ ብስነስርዓት ተሓብሒቦም ንኽዓብዩ ወለዲ ብኽምዚ ዝስዕብ ምስላታት ይመኽሩ ።

ንቁልዓ አይትስሓቑሉ ፡ ንኽልቢ አይትጉየየሉ
ቁልዓ እናመንደዱ ፡ ጨው እናነገዱ
ቁልዓ ብንኡሱ ፡ ቆርበት ብርሑሱ

ነቲ ማሕበረሰብ ብሰላም ንዘፅንሑልና ወይ ዘረከቡና አረጋውያን ወለዲ ከነኽብሮምን ክንካናኽኖምን ዘጠንቅቕ ።

ዝመውት ሽማግለ አይርገምካ ፡ ዝዓቢ ቁልዓ አይፅላእካ
ዓቢ ብሽመት ፡ ንእሽቶ ብቕለበት
ዓቢ ዘይብሉ ዓዲ ፡ ንፋስ ዘይብሉ ዓውዲ

መናእሰይ ወይ ሓደሽቲ ወለዶ ናይ ሃገሮም ፍቕርን ሓልዮትን መታን ክህልዎም ከም መምርሒ ብምስላ ይንገሮም ።

ዓይንኻን ዓድኻን ፡ አይምኖን
ዓዲ ነልምዕ ተዓሻሺና ፡ ዓዲ አይነጥፍእ ተዋዚና
ዓዲ ክዝመት ፡ ዓይንኻ ነይዕመት
ናይ ሰብ ሃገሩ ፡ ከም ምግባሩ

ንፈራሕ ዝነቅፍ ንተባዕን ደፋርን ዝሙግስ ምስላታት

ደፋርን ትክን ፡ መውዕኢ አይስእንን
ፈራሕ ፡ ዓሰርተ በትሩ

ፈሪሐም እምኒ እንተወርወሩ ፡ ዝብኢ ወፀ ካብ ዱሩ ሰባት ምእንቲ ከይሓመ ወይ ክጥንቀቹ እንተሓመሙ ከአ አድላዪ ሓበሬታ ንክረኽቡ ከይሓብኡ ንኽዛረቡ ዘባራትዕ ።

ሕማሙ ዝሓብእ ፡ ፈውሲ ነይርከቦ
ፈውስኻ ፡ ይጠፍእ ካብ ነብስኻ
ሕማም ዘይብሉ ፡ ሕሙም ስጋ በሊዑ ይሓምም

ናብራኡ ንኽጣጥሕ ወድ ሰብ ላዕልን ታሕትን ይብል ። አብ ውድቀት ንኽይበፅሕ ይጥንቀቕ ። ጌጋታት እንተገበረ ከአ ብቕልጡፍ ንኽእረም መገዲ የናዲ ። ነዚ መሪሕ እዚ አብ ግበሪ ንኽውዕሎ ከአ ዓቢ ትምህርቲ ዝህብዎ ምስላታት አለውዎ ።

ማይ ከይመፀ ፡ መንገዲ ማይ ፅረግ
ሰነ ዘይዘርአ ፡ ቍውዒ አይዓፅድን
ሓደ ሰነ ዝተነቐለ ሓረስታይ ብሸውዓተ ሰነ አይትከልን

ግዚኻ እንተዘይተጠቐምካሉን አንተዘይሰሪሕካሉን ሕማቕን ንውቕን ትኽውን ስርሑ ዘኽብር ዝኽብር ከምዝኾነ ዘመልክተና ከአ ።

ዘይሰርሕ አይብላዕ ፡ ዘይሕግዝ አይፅላእ
ካብ ምምልላስ ፡ ይሓይሽ ምስራሕ
ሰራሕተኛ ተባሊኡኒ ፡ ኢልካ አይትፍራሕ
አብ ቅድሚ ስራሕ ፡ አይትፅናሕ

ሕመቕ ወይ ትህኪት ካብ ሕማም ደቂ ተፈልዩ ዘይረአ አብ ሕብረተሰብ ዓቢ ውድቀት ዘስዕብ ከምኡውን አብ ናይ ውልቀ ሰባት ናብራ ከይተረፈ ሕማቕ ሳዕቤን ዘምፅእ ንዕብየትን ምዕብልናን ፅንቅፋት ዝኾነ ተግባር ብምፂኑ ካብ ከምዚ ዝአመሰለ ውድቀት ንምድሓን ምኽሪ ዝህቡ ምስላታት እየም ።

ከምዚአቶም ዝአመሰሉ ምስላታት ንሕብረተሰብ ሰላማዊ ዝኾነ ፡ ርክብ ንኽኣዕብት ዝመክርን ዘተሓሳስብን ክኸውን እንከለ ብአንፃሩ ከአ ገዛእቲ መደብ ምስላታት ንብሕቲ ጥቕሞም መሐለዊ ንሓፍሽ ግን መፅቀጥን መበዝበዝን መሳርሒ ይገብርዎ ኔሮም ።

ናይገዛእ ርእሶቶም ቅያ ንኽሕልዉ ክብሉ ንጉስ ከይኑ ንዘመሓድር ሰብ ሓያል ፡ ገባርን ፡ ሓዳግን ለዋህ ዝምሕር ጌሮም ብምርኣይ ንዕዑ ዘሞግሱ ምስላታት ይፈጥሩ እሞ ኣብቲ ዝተጨቆነ ህዝቢ አእምሮ ተሰሚሩ ከምዝኣቱን ማዕረ ከም ዘምልኽን ይገብርዎ ።

ንጉስ ሓላው ዜጋ ፡ አሞራ ሓላው ስጋ
ናይ ንጉስ ሞት ፡ ናይ ፀሓይ ዕርበት
ንጉስ አይኽሰስ ፡ ሰማይ አይሕረስ
ብንጉስ ዝተቐርፀት ኢድ ፡ ዳርጋ ዘላ

ብንጉስ ዝተቐትለት ነብሲ ፡ ቀባሪ የብላን
ብማለት ንጉስ አብ ልዕሊ ሞቁን ህዝቢ ዘለዎ ምልክት የፍልጡ ።

ትሕቲ ንጉስ ብዙሓት ገዛእትን ስርዓት ፈውዳል ዝፈጠሮም
ከከም ስልጣኖም ግብሪ ካብ ህዝቢ ክምንዝዑ እቲ ስርዓት ሙሉእ
ስልጣን ስለዝሃቦም ጨፍላቒ ስርዓቶም ንምርግጋዕ ብዙሕ ምስላታት
ፈጠሩ ።

ሓምሓም ምስ እምኒ ተላኒዑ ፡ ድኻ ምስ ሃብታም ተራኺዑ
ፈቲኽንዶ ንጉስ ትምርቓ
ምስ ደገዝማቲ ፡ መን ተማንቲ
ድኻ ተበዲሉ ፡ ይቕረ በሉለይ ይብል ቆሎ ኢሉ
ብምባል ህዝቢ ሕልንኡ የዕሪቡ ተቓውሞ ንኽይገብር ፀቕጢ ደገብሩሉ።

ድርብ ፀቕጢ ናይ ደቂ አንስትዮ ንምግላፅ ሰበይቲ አብ ገዝአን
ውሻጠአን ጥራሕ ተወሲና ንኽትኑበር ተፅዕኖ ዝገብር ምስላታት ።

ሰበይቲ ትስርሒ ንዛስ ፤ ደገአፍ የብሉን
ካብ ለባም ሰበይቲ ፡ ዓሻ ሰብኣይ
ሰበይትን ንሂጉን ፡ እናወቕጥካ
አንስትስ ካብ ዝገብረለን ፡ ዝሓሰወለን

ብኽምዚ ዝአመሰለ አበሃህላ ወዲ ነታ አካሉ ዝኾነት ጓል አንስተይቲ
አብ ልዕሊኣ ዘለዎ አረአእያ ትሑት ከም ዝኽውን ተገሩ ።

ናይ ሙያ ስራሓት ውሕልነት ንዘለዎም ዘተዓናቕፉ ምስላታት
ብዙሓት እየም ።

ወዲ ዋጣስ ፡ አቡኡ ፀሪፉ ይድረር
ነገር ዘይፀገበ ፡ ጓል ዋጣ ይሕፀ

ብዝተወሃበም ናይ ስራሕ መዝነት አመኽንዮም ጉቦ ብምብላዕ ፡
እንተዘየለ በዓል ጉዳይ እንተደኣ ዘይኣዕሚኹዎም ሲጋብ መጨረሽታ
ክንከራተት ከም ዝነብር ይገብርዎ ። ስለዚ ድማ ክም ግቡእ ተወሲዱ
ብኽምዞም ዝስዕቡ ምስላታት ይድገፍ ።

ተሸይሙ ክሎ ዘይበልዐ ፡ ምስተሳዕረ ይጠዓስ
ዘይበልዐ ዳኛ አየማጉት ፡ ዘይሰተየ ጋሽ አየፃውጎ
ዳኛ ክዘርየካ አይትመጉት ፡ ሓይለ ዘይብልካ አይትጎትት
ዳኛ ዘፍሰሰሉ ፡ ፈረስ ዝኽስከሰሉ

እቲ ህዝቢ ከምዝን ወዲ ኽምዝን ብምስማዕ ሕልንኡ የዕርብ ።
እንተኾነ ግዳ ድሕሪ ብዙሕ ስቓይ ሞቁን አብ ዝረኽቦ ኣጋጣሚ ናይ
ገዛእ ርእሱ ስምዒት ክገልጽ ጀመረ ።

ኣፍትልቲ ክሓብራ ፡ ኣንበሳ ይኣስራ
ሓቢረን ዝወጠጣ ኣፃብዕቲ ፡ ኣርቃይ የፀምብዓ
ነገር መታን ክጠፍኦ ፡ ዳኛ ቕተል
ኣድላዊ ዳኛን ፡ ገፃብ መፅዓኛን የጥፍኦ

ብምባል ኣሜን ኢሉ ከምዘይቅበል ይገልፅ ። ብተወሳኺ መቕፃዕትን ስቓይን ከይበፅሑ ብኣሽሙር ማለት ብእንስሳታት ኣምሲሉ ከኣ ይምስል ።

ምፅዓንሲ ፅዓነኒ ፡ ስገም ግበረለይ በሉት ኣድጊ
ኣንበሳ እንታይ ይበልዕ ተለቂሑ ፡ መንከ የኽፍሎ መንከ ምስተ ዛረቦ

ገበል ፈሪሑ ኣንተተሰቕለስ ፡ ነብሪ ፀንሓ

ሓደ ሕብረተሰብ ምስላታት ብምጥቃም ኣረኣእይኡን ኣተሓሳሰብኡን ብሕፅርን ቅልጥፍን ዝበለ ኩነታት እናገልፀ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናመሓላለፈ ዝፀንሐ ሕጂ እውን ዓቢ ግደ ይፃወት ከም ዘሎን ኣይሰሓትን ።

ምስላታት ቅድሚ ሕጂ ንዝሃቡዎ ባህላዊ ትምህርቲ ኣብ ግምት ብምእታው ሕጂ እውን ኣብ ዘበናዊ ትምህርቲ ንተማሃሮ ብዛዕባ ቋንቋ ኣም ውሽጣዊ ባህሪያት ንኽስተውዕሉ ምስላታት ዝሓዝዎ ምስጢር ኣማዛዚኖም ንኽመራመሩ ናይ ቃላት ትርጉም ንምርካብ ዝገብርዎ ፃዕሪ ፍልጠቶም ንኽሰፍሕ ይሕግዞም። ብተወሳኺ ከኣ እቲ መንእሰይ ናይ ትውልዲ ወይ ናይ ቀዳሞት ኣቦታት ባህሊ ፡ ሕግን ስርዓትን ፡ ስነፍልጠትን ንኽፈልጥ ይሕግዞ ። እዚ ንምፍላጥ ግን ምስላታት ብሓደ ዓይነት ወይ ከኣ ቁጥ ብዝበለ መንገዲ ክዝረቡ ኣይንረኽቦምን ። ውርዝው ዝኾነ ኣበሃህላ ኣለዎ እዚ ከኣ እቲናይ ብሓቂ ትርጉሙ ጨጭፍካ እትረኽቦ እዩ። ብኽምዚ ዓይነት ዝዝረቡ ናይ ምስላ ዓይነታት ኣስዒብና ንገልጽ ።

ሀ. ተፃራሪ

ክልተ ኣንፃር ሓሳባት ብምውድዳር ዝግለፅ ።
ወዲ ጭዋ እንክፈትሕ ፡ ዘኣተወ ይመሰል
ሰብ ኣሓ ይሃድሙ ፡ ሰብ ቆራብቲ ይዋግኡ

ለ. ምግናን

ሓደ ሓሳብ ካብ ልክዑ ንላዕሊ ጌርካ ኣጋኒንካ ምግላፅ ።
መሓልፎ ፀድፊ ፡ ንብዕራይ የሕልፎ ፡ ንደርሆ የፅድፍ
ፈራሕ ፡ ኣብ ውሽጢ ማይ እኳ ይርህፅ

ሐ. ስባዊ

እንሰሳታት ወይ ሂወት ዘይብሎም ነገራት ከም ዝሰምዑን ዝዛረቡን ገርካ ብምሕሳብ ''በሉ'' እናተባህለ ወዲ ሰብ ስምዒቱን ፡ ቅርሕ ንቱን ፡ ትዕዝብቱን ዝገልፀሉ መገዲ ሰባዊ ይበሃል ።

ተግምጢሉኒ ፡ በለ ሃንዛ
ልብና ስንቅና፡ በለ ኳሽ
ድሙያ መንሱሳ ፡ ናብ አመላ ተመሊሳ
አነ ሞይተስ ፡ ዳንዴር አይትብቆላ ፡ በለት አደጊ

መ. ምፀት

አንባር ብዝኾነ መንገዲ ተጠቒምካ፡ንሓደ ነገር ብሕቡእ አገላልፃ ወይ ብአሽሙር መልእኽቲ ምትሕልላፍ ።

እበሃል ኢላ ፡ ድሙ ተኻሒላ
እቲ አደጊ ስቐልዮ ፡ እቲ መፅዓን እሰርዮ

ናይ ትግርኛ፡ምስላታት መልእኽቶም ንኽመሓላልፉ ዝተፈላለየ መንገድታት ይጥቀሙ ።

ሀ. ሕቶን መልስን

ብሕቶን መልስን መልክዕ ዝቐርቡ ምስላታት ባዕላቶም ሓቲቶም ነቲ ጉዳይ ባዕላቶም መልሲ ዝህቡ እየም ።

በቐሊ መን አቦኽ? እንተበልዋስ ፈረስ አኽይ በለት
ንፀብሒ መን ይፈልጦ? መንቀላወጢ
ንጉስ እንታይ ይደሊ? ዓራት ፡ ሓረስታይ እንታይ ይደሊ? ግራት

ለ. ምኽንያትን ሳዕቤንን

ብሰበብን ትርፉን ስልቲ ዝዝረቡ ምስላታት ፅቡቕ ይኹን ሕማቕ ዘኽትልዎ ሳዕቤን ከምዘሎ ዘረድኡ እየም ።

ክር ይብለኪ ክር ይብለኪ ፡ እንተአበኺ ንነብሪ ይህበኪ
ንተሓግ ሃገር ፡ ብዕራይ ሃገር የወፅአ
ዕውር ንዕውር ምስ ዝኽትል ፡ ተተሓሒዙም ገደል

ሐ. አማራፂ

ክልተ ዝተፈላለዩ ነገራት ብምውድዳር ደሓር እቲ ዝሓሸ ምምራፅ ከምዘድሊ ዝመክር ።

ካብ ንዓመታ ደርሆ ፡ ለብዘበን አንቂቕሓ
ካብ ርሑቕ ዘመድ ፡ ቀረባ ጐረቤት
ካብ ንሃብታም ምልማን ፡ ንእዝጊ ምእማን

መ. ምውድዳር

ክልተ ዘይራኸቡ ነገራት ብምውድዳር ማዕረ ውፅኢት ከምዘለዎ ዘረድእ ።

ጠበንጃ ብዘይ ጥይት ዱላ፡ሰበይቲ ብዘይ ሰብኣይ ዕዋላ
ሓረስታይ በዝመራኡ ፡ ንህቢ ብአውራኡ

አብ ላዕሊ ብሓጺሩ ከም እተገልፀ ምስላታት አብ ሕብረተሰብ ዘለዎም ዓቢ ግደ ከምኡ እውን ዘመሓላልፍዎ መልእኽቲ ከመይ ከምዝኾነን ብኽመይ ዝበለ ብልሓት ከም ዝገለጹ ንምርኣይ እዩ ።

ናይ ትግርኛ ምስላ አብ ቅርፁ ዝተመስረተ ዓሚቹ መፅናዕቲ አይተገብረሉን ። ይኹን እምበር ካብቲ ዘለና ትሕዝቶ ተላዒልና ምስላታት ከምዚ ዓይነት ጠባይ ከም ዘለዎም ተገንዚብና ።

ቁጠብ ቃላት ከምዝጥቀሙ ፣ መልክዕ ግጥሚ ከም ዘለዎም ፣ መብ ዛሕቲኦም በዓል ቤትን ዓንቀፅን ከምዘይጥቀሙ ፣ ሓንሳብ ሓንሳብ እውን ያታ ብዘይምፍላይ ይዝረቡ። ብሓፈኹ ናይ ሰዋሰው ስርዓት ዳርጋ አይክተሉን ምባል ይክአል ።

አብዚ መፅሓፍ እዚ ዝርከቡ ምስላታት ናብ ትግርኛ ዝዝረበሉ ቦታታት ብምኻድ አብ ትግራይ መቐለ ፣ ሽረ ፣ ዓድዋ ፣ አኽሱም አብ ኤርትራ ፣ አስመራ ፣ ዝተአከቡ እዮም ። ብተወሳኺ ከአ ዓበይቲ ሰባት ብምጥያቕ ተመሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ፅሒፎም ከምዕኡ ብምግባር ፣ ቅድሚ ሕጂ ብሓደ ሓደ ምሁራት ደቂ ዓዲን ደቂ ወፃእን ዝተፃሕፉ መፃሕፍቲ ከምኡ እውን ካብ ጋዜጣታት ብምትእኽኻብ ዝተጠርነፈ እዩ ።

ሊቀ መዘምራን ምሳስ ወቕባጊየርጊስ ናይ ትግርኛ ምስላታት ብመልክዕ መፅሓፍ አሕቲምም እዮም ። ካልኦት እውን ርእሱ ዝኸአለ መፅሓፍ ደአ አይኹን እምበር ንትምህርቲ አብ ዘገልግሉ መፃሕፍቲ ብዙሕ ምስላታትን ሕንቕልሕንቕሊቲያትን ፅሒፎም ይርከቡ ። እዚ ሕጂ እነሕትሞ ዘለና ናይ ምስላ መፅሓፍ ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝተሓትሙ ፣ ዝፍለየሉ ኩነታት ግን ብብዝሑን አቀራርብኡን ይኸውን ።

ምስላታት ወይ እውን ኩሉ ዓይነት ስነቓላት ብውልቀ ሰብ ዝውነኑ አይኮኑን ምንጮም ሓፋሽ ህዝቢ እዩ ። ንሓፋሽ ህዝቢ ከአ ይብፅሕዎ ። ስለዝኾነ ድማ ዝተፈላለዩ ውልቀሰባት ወይ ውድባት ብዝተፈላለየ መልክ እኳ እንተአቕረብዎ ብመጠኑ ይመሳሰል እዩ ። ካብዚ እንታይ ክንርዳእ ንኽእል ሃገርና ተጋሒጡ ዘይውዳእ መፅናዕቲ ዘድልዮ ስነቓላት አለዎ ።

ኣብ መወዳእታ ነዚ መፅሐፍ እዚ ብቑዕ ኮይኑ ንህዝቢ ንክቐርብ ኣብ ዝገበርናዮ ፃዕሪ ዘጋጠመና ፀገም ብዛዕባ ትርጉም እዩ ። ካብ ትግርኛ ተዛረብቲ ወፃኢ ዝኾኑ ኣንቢቦም ንኽርድኡ ዘለና ባህልን ወግዕን መታን ክፈልጡ ምስ ናይ ኣምሓርኛ ትርጉም ንክቐርብ ፈተነ ተጌሩ ኣሎ።እንተኾነ ግዳ ካብ ሓደ ቋንቋ ናብ ሓደ ቋንቋ ምትርጓም ማለት ባህሊ ምትርጓም ማለት ስለ ዝኾነ ብፍላይ ምስላታት ከኣ ዓንዲ ሕቑ ባህሊ ፅሚቑ ሓሳብ ዝሓዙ ብምኳኖም ንምትርጓም ቐሊል ኣይኮነን ። የግዳስ ብዝተኻእለ መጠን እቲ ሓሳብ ወይ ከኣ መልእኽቲ ንምትርጓም ፃዕሪ ከም እተገብረ መኣረምታ እውን ከምእንቐበል ኣቐዲምና ነፍልጥ ።

ናይ ትግርኛ ምስላታት ዋላኳ ንነዊሕ ዓመታት ተሰናዲኡ ዝፀንሐ እንተኾነ ብእዋኑ ክወፅእ ዕድል ኣይረኸበን ብምኽንያት በጀት ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናተንከራረወ ክሳብ ሕጂ ፀኒሑ ። ሎ ሚ እነሆ ከም መፅሐፍ ተሐቲሙ ንህዝቢ ይቐርብ ኣሎ ።

ኣዳለውቲ
ጸጌረዳ ተክሌ
ኣስመላሽ ወ/ማርያም
ኣስመሮም ገ/ስላሴ

ሀ

ሂቡ ብኢዱ ፡ ተመሊሱ ለመነ ካብ ወዱ
—ሰጥቶ በእጁ ፡ ተመልሶ ለመነ ከልጁ

ሂቡ ዝኸልእ ፡ ፈትዩ ዝፀልእ ፡ መሊኡ ዘይመልእ
—ሰጥቶ የሚነሳ ፡ ወዶ የሚጠላ ፡ ሞልቶ የማይሞላ

ሂባ አስፈሓ ፡ ተመሊሳ አብ ንስሓ
—ሳትቆጥብ ሰጥታ ፡ በኋላ ቆጫት

ሂብካ አይትኸላእ ፡ ፈቲኻ አይትዕላእ
—ሰጥተህ አትንሳ ፡ ወደህ አትጥላ

ሃህ ንዝበለ አንበሳ አይትቃለሶ ፡ ድርዳር ስጋ አኾልሶ
—አራን የከፈተ አንበሳን አትታገለው ፡ ቁራጭ ስጋ አጉርሰው

ሃሊሉ ንዝመፀካ አድጊ ፡ አኽቢድካ ፀዓኖ
—እያናፋ የመጣ አህያን ፡ አክብደህ ጫነው

ሃላይ ሰላሊ ፡ ዓሻ ተታላሊ
—ሞኝ ወላዋይ ፡ ጅል ተታላይ

ሃላይ ሰበይቲን ፡ ቀዳድ መኹባዕቲን የጥፍእ
—ሞኝ ሴትና ፡ ቀዳዳ ወንጠፋት ያጥፋ

ሃላይ ሰበይቲ ፡ ፀብሓ ይጥዕማ
—ገልቱ ሴት ፡ ወጢ ይጣፍጣታል

ሃላይ ሰዓሚ ፡ መበላሸዊ ጭሕሚ
—ያላዋቂ ሳሚ ፡ ንፍጥ ይለቀልቃል

ሃላይን ገዚፍን አይኹን ውላድካ ፡ ተዛሪብካ አይተስምዖ ፡ ተቓሊስካ አይተውድቕ
—ልጅህ ሞኝም ጠብደልም አይሁንብህ ፡ ብትመክረው አይሰማህ፡ ታግለህ አትጥለው

ሃመማ እንተበዝሑ ፡ መኽደን ኣልባ ነይከፍቱ
—ዝንብ ቢሰበሰብ ፡ መግለሊት አይከፍትም

ሃመማ ከተማስ ፣ ንንህቢ ሃገረሰብ አንየዮ
—የከተማ ዝንብ ፣ የባላገርን ንብ አሯሯጠው

ሃረርታ ፀባ ዘለዎ ፣ ጓጉድ ማይ ይውድእ
—የወተት አምሮት ያለው ፣ ጮጮ ሙሉ ውሃ ይጨርሳል

ሃሪሙ ዘይፈልጥስ ፣ አብ ቅርቅርቲ
—መትዶ የማያውቅ ፣ አናት ላይ ይመታል

ሃበኒ ህበይ ይገብር ፣ ከይብሉኒ ሰብነት የዕብር
—ስጠኝ ማለት ዝንጀሮ ያደርጋል ፣ ይሉኝታ ሰውነትን ያከሳል

ሃበኒ በትረይ ፣ ተመሊሱኒ ግኒ ቀትረይ
—ስጠኝ ብትሬን ፣ የቀትር ጋኔን ተነሳብኝ

ሃበኒ ዝበለ አይፀላእ ፣ አለቅሐኒ ዝበለ አይከላእ
—ስጠኝ ያለ አይጠላ ፣ አበድረኝ ያለ አይከልክል

ሃብቲ ብዕድል ፣ ስራሕ ብግድል
—ሃብት በእድል ፣ ስራ በትግል

ሃብቲ ካብ ዕድል ፣ ስራሕ ካብ ግድል
—ሃብት ከእድል ፣ ስራ ከትግል

ሃብታም በዲሉ ይብል ፈንጠርጠር ፣ ድኻ ተበዲሉ ይብል ቀብጠርጠር
—ሃብታም በድሎ ይቆጣል ፣ ድሃ ተበድሎ ይለማመጣል

ሃብታም በዲሉ ዘረባ ይጠዊ ፣ ጨጉራፍ ወቒዓ ባዕላ ተእዊ
—ሃብታም በድሎ ነገር ያዞራል ፣ ጅራፍ ራሱ ገርፎ ራሱ ይጮሃል

ሃብታም ብምዕዋቱ ፣ ድኻ ብፀሎቱ
—ሃብታም በምዕዋቱ ፣ ድሃ በፀሎቱ

ሃብታም ብኽብቱ ፣ ድኻ ብጉልበቱ
—ሃብታም በክብቱ ፣ ድሃ በጉልበቱ

ሃብታም ብዘይ ድኻ አይኮርዕን ፣ ድኻ ብዘይ ሃብታም አይበልዕን
—ሃብታም አለ ድሃ አይኮራም ፣ ድሃ አለ ሃብታም አይበላም

ሃብታም ብገንዘቡ ፣ ድኻ ብጥበቡ ይቃራረቡ
—ሃብታም በገንዘቡ ፣ ደሃ በጥበቡ ይቀራረባሉ

ሃብታም ንሃብታም ይጠቓቐሱ ፣ ድኻ ንድኻ ይለቓቐሱ
—ሃብታም ለሃብታም ይጠቃቀሳሉ ፣ ድሃ ለድሃ ይለቃቀሳሉ

ሃብታም ከምዝብልዓሉ ፡ ድኻ ከምዝካወነሉ
—ሃብታም እንደሚበላለት ፡ ድሃ እንደሚሆንለት

ሃብታም ክህብ ፡ ዓይኒ ድኻ ደም ይሰርብ
—ሃብታም ሲሰጥ ፡ የድሃ አይን ደም ይለብሳል

ሃብታም ዝኾርዕ ፡ ድኽነት ደልዩ ክጠርዕ
—ሃብታም የሚኮራ ፡ ድህነት ሊጠራ

ሃብታም አንጭዋስ ፡ አብ ሰፈራ ቅሚጦ ይሰርሑላ
—ሃብታም አይጥ ፡ እጉድጓዷ አጠገብ የእህል ክምር ይከምሩላታል

ሃብታም ገንዘቡ ይፈቅድ ፡ ድኻ እግሩ ይፈቅድ
—ሃብታም ገንዘቡን ይሰበስባል ፡ ድሃ እግሩን ይሰበስባል

ሃብታም'ዩ ምባል የኽብር ፡ ድኻ'ዩ ምባል የዕብር
—ሃብታም ነው ማለት ያስከብራል ፡ ድሃ ነው ማለት ያሳፍራል

ሃይማኖት ምስ ግብሪ ፡ ፀሎት ምስ ፍቕሪ
—ሃይማኖት ከተግባር ጋር ፡ ፀሎት ከፍቅር ጋር

ሃይማኖት ብዘይ ግብሪ ፡ ፀሎት ብዘይ ፍቕሪ ፡ ኣይፈቱን ፈጣሪ
—ሃይማኖት ካለ ምግባር ፡ ፀሎት ካለ ፍቅር ፡ አይወደም ፈጣሪ

ሃይማኖት ዘይብሉ ሰብን ፡ ልዓም ዘይብሉ ፈረስን ሓደ
—ሃይማኖት የሌለው ሰውና ፡ ልዓም የሌለው ፈረስ አንድ ናቸው

ሃይዲ ይቕይድ ፡ ፈፅሚ ይፀምድ
—ክስ ያስራል ፡ ፍጥም ይጠምዳል

ሃዳናይ ንኽርሱ ፡ መናኒ ንነብሱ
—አዳኝ ለከርሱ ፡ መናኝ ለነፍሱ

ሃዳናይ ከልቢ ፀጉሪ ኣብ ኣፉ ፡ መረረ ትርፉ
—አዳኝ ውሻ ፀጉር ባፉ ፡ መመረር ትርፉ

ሃገር ኣለዎ ክብሉኒ ፡ ኣብ ደብሪ ቅበሩኒ
—አገር አለው እንዲሉኝ ፡ እደብር ቅበሩኝ

ሃገር ዝሰኣነ ሰሚን ፡ ፀብሒ ዝሰኣነ ጐመን
—አገር ላጣ ሰሚን ፡ ወጥ ላጣ ጐመን

ሃገር ብሻራ ፥ ለማኒ ብጭራ
—አገር በሴራ ፥ ለማኝ በጭራ

ሃፀይ እንድሕሪ ሞቱ ፥ አብመን ይሚጎቱ
—አፄ ከሞቱ ፥ በማን ይሚገቱ

ህልኽ ፥ መዓል ፥ ዓቢይ ሰዓል
—እልክ ውስጥ መግባት ፥ ሳንባ በሽታ ነው

ህሩፍ ብኽብዲ ፥ ነገር ብውዲ
—ስስታምን በሆድ ፥ ነገር በውዴታ

ህሩፍ ንአመሉ ፥ መንግዲ ዕዳጋ ይፀቦ
—ስስታም ላመሉ ፥ የገበያ መንገድ ይጠበዋል

ህሩፍ ካብ መአድኻ ፥ ዕሩቕ ካብ መጋሪያኻ አይሰአን
—ስስታም ከገበታህ ፥ የታረዘ ከምድጃህ አይታጣ

ህሩፍ ጊላኻ ፥ ዓዲ እኽሊ አይተርእዮ
—ለስስታም አሽከር ፥ የእህል አገር አታሳየው

ህርፋን ፀባ ዘለዎ ፥ ጓጉድ ማይ ወድአ
—የወተት አምሮት ያለው ፥ ጮሌ ሙሉ ውሃ ጨረሰ

ህበይ ! ህበይ ከይንብለካ ህበይ ኮነ ሽምካ
—ዝንጀሮ ! ዝንጀሮ እንዳንልህ፥ ዝንጀሮ ሆነ ስምህ

ህበይ አይዕስከር ፥ ሓደ አይምስክር
—ዝንጀሮ አሽከር አይሆንም ፥ አንድ ሰው አይመሰክርም

ህንሱስ እምበር ፥ የለን ሕጉስ
—ብልጥ እንጂ ፥ ደስተኛ የለም

ህኩይ ፥ ሰአን ምሕራኡ ይጠርጥ
—ሰነፍ ፥ አሩን እንዳያራ ይፈሳል

ህኩይ ፥ ድራኑ ንኩይ
—የሰነፍ እንጀራ ፥ ጐደሎ ነው

ህዊኽ አዳጉራ ፥ አብ ቁራዕ ከሎ የጥርጥ
—ችኩል አደንጓሬ ፥ ምንቸት ውስጥ እያለ ያስፈሳል

ህዊኽ አዳጉራ ፥ አብ ቁራዕ ከሎ ይነፍሕ
—ችኩል አደንጓሬ ፥ ምንቸት ውስጥ እያለ ይነፋል

ህዉኽ እናነየየ የፍስሶ ፥ ተቐሚጡ ድማ ይሓፍሶ
—ችኩል እየሮጠ ያፈሰዋል ፥ ተቀምጦ ደግሞ ያፍሰዋል

ህዉኽ ዝብኢ ፥ መንከስ አድጊ ይነክስ
—ችኩል ጅብ ፥ ቀንድ ይነክሳል

ህዉኽ ዝብኢ ቀርኒ ይነክስ ፤ ህዉኽ ኣንጭዋ ዝደቀሰ ድሙ ይቕስቅስ
—ችኩል ጅብ ቀንድ ይነክሳል፤ችኩል አይጥ የተኛን ድመት ይቀሰቅሳል

ህውክት ፥ ይሰድድ በረኽት
—ሁክት ፥ ያሳጣል በረከት

ህውኽቲ ደርሆ ፥ ፅልኢ ትወልድ
—ነገረኛ ዶሮ ፥ ጥል ታመጣለች

ህጡር ኣንጭዋ ኣፍንጫ ድሙ ይልሕስ ፥ ህጡር ወጠጦ ኣብ እንዳ ኑብሪ ይድቅስ
—የደለበ አይጥ የድመት አፍንጫ ይልሳል ፥ የደለበ ወጠጤ ነብር ቤት ይተኛል ።

ለ

ለመፀ ቢልካዶ ፥ ተመን ትቕነት
—ለሰለሰ ብለህ እባብ ትታጠቃለህ ወይ !

ለሚኑ እዚ ለማኒ ፥ ቆብዔይ ቀምዓኒ
—ለምኖ ለማኝ ፥ ቆቤን ቀማኝ

ለሚን እንተዘይበላዕኻዮ ዕንጉለ ፥ ቋንቋ እንተ ዘይፈለጥካዮ ፅላል
—ሎሚ ካልበላኸው እምቧይ ፥ ቋንቋ ካላወቅከው እብደት

ለሚንን ትርንጐን መሊኡ ኣብ ሃገር፥ ዕንጉለ የሽትት ወይ ናይ ድኻ ነገር
—ሎሚና ትርንጐ ሞልቶ ባገር ፥ እንቧይ ያሸታል አይ የድሃ ነገር

ለሚንካ ስፈር ፥ ሰዲርካ ተኻፈል
—ለምነህ ኑር ፥ ለክተህ ተካፈል

ለምን ዝበሎ ለቐታኡ ፥ ዐሳን ዝበሎ ኩረሻኡ
—ለምን ላለው ስልቻውን ፥ ጫን ላለው ኮርቻውን

ልቹታ ተበላሽያ ፡ አብ ምንታያ? አብ ምንፋሓ ፡ አይ አብምንፋሓን አብ ምጥባሓ
—ስልቻ ተበላሸ ፡ ምኑጋ ? ሲነፋ ፡ ሲነፋ አይደለም ፡ ሲገፈፍ

ለበምና ክብላ ፡ ሞጎጎ ይወቕራ
—አወቅን አወቅን ሲሉ ፡ ምጣድ ይወቅራሉ

ለባም ልኢኽካስ ፡ እንታይ ተረፈኒ አይትበል
—ልባምን ልከህ ፡ ምን ቀረኝ አትበል

ለባም ምስ ዚዕሹ ፡ መራግእቲ ነይተርፎ
—ልባም ሲሞኝ ፡ እርሾ አይቀረውም

ለባም ምስ ገሸ ፡ ወይ ምስ አልገሰ ይገኸር
—አስተዋይ ሰው አገር ለቆ ሲሄድ ፡ ወይ ገለል ሲል ይታወሳል

ለባም ምስፈቶ ፡ ሓውካ ምስ ኣቶ የጓንፍካ
—አስተዋይ ሲወድ ፡ ወንድምህ ሲገባ ያጋጥምህ

ለባም ሰበይቲ ፡ ብምስዓም ትስንገል
—አስተዋይ ሴት ፡ በመሳም ትሸነገላለች

ለባም ሰበይትን ፡ ሳዕሪ ፀናዕትን
—አስተዋይ ሴትና ፡ የገደል ሳር

ለባም ሰበይትን ፡ ቀራን አድግን የልቦን
—የሴት ልባም ፡ የአህያ ቀንዳም የለም

ለባም ሰበይትን ፡ ወርቂ ፀናዕትን
—አስተዋይ ሴትና ፡ የገደል ወርቅ

ለባም ቀራሚትስ ፡ ዘገቐደመ ናብ ቀምሻ
—ብልጥ ቃራሚ ፡ የቀደመውን ወደ ቀሚሷ

ለባም ተወከስ ፡ ባላ ተመርኮስ
—ብልህን ጠይቅ ፡ ባለ ተመርኮዝ

ለባም ተወከስ ከይትሽውን ዓሻ ፡ አስተውዕል ከይትሽውን መዋሻወሻ
—ብልህ ጠይቅ እንዳትሆን ሞኝ ፡ አስተውል እንዳትሆን መቀለጃ

ለባም እንተፈከረ ፡ ዓሻ ይወግእ
—አስተዋይ ቢፎክር ፡ ሞኝ ይወጋል

ለባም ከዝምር ፥ ዓሻ ይወግእ
—አስተዋይ ሲፎክሮ ፥ ሞኝ ይወጋል

ለባም ክመውት ልቡ ፥ ንጉስ ክመውት ግምቡ
—አስተዋይ ሲሞት ልቡን ፥ ንጉስ ሲሞት ግንቡን

ለባም ዓዲ ኽሎ ፥ ሓፃቢ ሞቕሎ ይበሃል
—አስተዋይ ባገሩ ፥ ብረት ምጣድ አጣቢ ይባላል

ለባም ፥ የእትውካ'ሞ ይፍታሕካ
—ልባም ፥ አግብቶ ይፍታህ

ለባም ይሓስብ ናይ ዓመት ፥ ዓሻ ይሓስብ ናይ ዕለት
—በልህ ያስባል ለአመት ፥ ሞኝ ያስባል ለእለት

ለባም ይሕረድካ ፥ ዋዕላ ይፍረድካ
—አዋቂ ይረድህ ፥ ሸንጎ ይፍረድህ

ለቱ ደረፈት ፥ አብኡ ተረፈት
—ለቱ ዘፈነች ፥ እዛው ቀረች

ለቱየ ፥ ትሎሲ'ዶ ትግሺ
—ለቱ ፥ እንደማብኳት ፈንታ በየመንደሩ ትዞሪያለሽ

ለካሚት ንዴት ፥ ምድሪ ከየርፈደት በለት ጋዕዋ
—ሰበበኛ ድህነት ፥ ከማለዳ ይጀምራል አለች ጋእዋ

ለውጠኒ በሃሊ ፥ ዝሕሾ ፈሊጡ
—ለውጠኝ ባይ ፥ የሚሻለውን አውቆ

ለውጠኒያ ዝብለካስ ፥ ጥቕሙ ፈሊጡ
—ለውጠኝ የሚልህ ፥ ጥቅሙን አውቆ

ለይቲምድሪ ይግስግሱ ፥ ሰይጣን ሓዚሎም ይምለሱ
—በለሊቱ ይገሰግሱ ፥ ሰይጣን አዝለው ይመለሱ

ለጓሚ ምኽን ፥ ናብ ሰራሪ የብዕሕ
—ለጓሚ መሆን ፥ ወደ ጋላቢነት ያደርሳል

ለጋስ እንተለግሰ ፥ አለቅሐ እምበር አይሃበን
—ለጋስ ቢለግስ ፥ አበደረ እንጂ አልሰጠም

ለጋስ እንተኾንክን ፥ ዕባሕ ንርኤክን
—ለጋስ ከሆናችሁ ፥ ነገ እናያችኋለን

ለጋዕ ዘላቶ ፥ ሓራስ ይልቓሕ
—ክበድ ላም ያለችው ፥ ጥጓት ይበደራል

ላም ሓደ ጐና አይሰብሕ ፥ ሓደ ጐና አይዓብር
—ላም ባንድ ጐኗ አትሰባ ፥ ባንድ ጐኗ ጉፋያ አትሆን

ላም ሓዊ ወሊዳ ፥ ከይትልሕሶ ነዲዳ ፥ ከይትግድፎ ወሊዳ
—ላም እሳት ወለደች፥እንዳትልሰው ፈጃት፥እንዳትተወው ልጇ ሆነባት

ላም ፥ ብሕማቕ ጓሳ ትውቃዕ
—ላም ፥ በሰነፍ እረኛ ትመታለች

ላም ኢዳ ክቑርባ ፥ ብእግራ ትሓክኽ
—ላም እጇ ሲቀርባት ፥ በእግሯ ታክካለች

ላም እምበለ ጓሳኣ ፥ አይትፈልጥን ዋናኣ
—ላም እረኛዋን እንጂ ፥ ጌታዋን አታውቅም

ላም ፥ ከም መራሒታ
—ላም ፥ እንደ መሪዋ

ላም ካብ ዘይወዓለቶ ኩቦ ምእራይ ፥ ምስአን ውራይ
—ላም ባልዋለችበት ኩበት መልቀም ፥ ስራ ማጣት

ላም ካብ ዝበልዓቶ ፥ ዝሓደረቶ
—ላም ከበላችበት ይልቅ ፥ ያደረችበት

ላም ይሓርዱ ፥ ብብልዕቲ የዋርዱ
—ላም ያርዳሉ ፥ ብልት ያወራርዳሉ

ላምና አትወልዶን ፥ ንጉስና ዝፈርዶን አይፍለጥን
—ላማችን የምትወልደውና ፥ ንጉሳችን የሚፈርደው አይታወቅም

ላምካ ሒሕ ትበለልካ እምበር ፥ ስልያ አይትትሓለበልካ
—ላምህ ባትታለብ እንኳን ፥ እምቧ ትበልልህ

ላዕለዋይ መሮ ፥ ምስ ታሕተዋይ መን ፀምበሮ
—ላይኛው ማገር ፥ ከታችኛው ጋር ማን አገናኘው

ላዕለዋይ ከንፈር ንኽርክር ፥ ታሕተዋይ ከንፈር ንምስክር
—ላይኛው ከንፈር ለክርክር ፥ ታችኛው ከንፈር ለምስክር

ላዕላዩ ዝተዘርገ ፡ ታሕታዩ ነይፀሪ
—ላይኛው ከደፈረሰ ፡ ታችኛው አይጠራም

ሌባ ሌባ እንተበልዎስ ፡ ሉባ ሉባ ዝበልዎ ይመስሎ
—ሌባን ሌባ ቢሉት ፡ ጎበዝ ጎበዝ ያሉት ይመስለዋል

ሌባ ፡ ተፀጊው አብ ጋባ
—ሌባ ፡ ጋባን ተጠጋ

ሌባ ንአመሉ ፡ ዝባን ሕምባሻ ይልሕስ ይብሉ
—ሌባ ላመሉ ፡ አምባሻ ይልሳል አሉ

ሌባ አብ ከተማ ፡ ቁማልን አብ ጐተና
—ሌባ በከተማ ፡ ቅማል በጐፈሬ

ሌባ ክግረፍ ፡ ሓቂ እንተተዛረበ ዝአምኖ የብሉን
—ሌባ ሲገረፍ ፡ እውነት ቢናገርም የሚያምነው የለም

ሌባ ፍሉጥ ፡ ዓይኑ የፍጥጥ ፡ እግሩ የንቀጥቀጥ
—ሌባ ያስታውቃል ፡ ዓይኑ ያፈጣል ፡ እግሩ ይንቀጠቀጣል

ልመና አደ ፡ ግፅ አየምልስ ክሳድ አየቐልስ
—የናት ልመና ፊት አያስመልስ፡ አንገት አያስቀልስ

ልሙፅ መልሓስ ፡ ንሓዋሩ ይሕርፍፍ
—ለስላሳ አንደበት ፡ ለሁሉ ይሻክራል

ልሙፅ መልሓስ ፡ እናሓደረ ይሕርፍፍ
—ለስላሳ አንደበት ፡ እያደር ይሻክራል

ልማዕ ብስሉስ ፡ ጥፉእ ብስሉስ
—ልማ በስሉስ ፡ ጥፉ በስሉስ

ልሳን ዓፅሚ የብሉን ፡ ግን ዓፅሚ ይሰብር
—ምላስ አጥንት የለውም ፡ ግን አጥንት ይሰብራል

ልቐቕ ዘይምድርኻ ፡ ውረድ ዘይበቕልኻ
—መሬትህ ካልሆነ ልቀቅ ፡ በቅሎህ ካልሆነ ውረድ

ልቓሕ ሰኑይ ፡ ሰሉስ
—የሰኞ ብድር ፡ ማክሰኞ

ልቑሑያ ዘይመልስ ፡ ወድ አድጊ
—ብድሩን የማይመልስ ፡ የአህያ ልጅ

ልበይ ሰገዳ ፡ አፈይ ዱዳ
—ልቤ የተደፈነ ፡ አፌ ድዳ

ልቢ ሃላይ ክንድ መርፍእ ፡ እቲአ'ኳ ተሰዓምካያ ትጠፍእ
—የሞኝ ልብ መርፌን ታክላለች ፡ እሷም ስትስማት ትጠፋለች

ልቢ ማዕዳ ፡ ተመሊሱ ናብ ዋናኡ
—የምክር ልብ ፡ ተመልሶ ወደ መካሪው ይሄዳል

ልቢ ሰብ ክትፈልጥ ፡ ብናትካ ጀምር
—የሰውን ልብ ለማወቅ ፡ ከራስህ ጀምር

ልቢ እምበር ፡ ዓይኒ አይርእን
—ልብ እንጂ ፡ አይን አያይም

ልቢ እንተለካ ፡ ተኽተል ሕለቓኻ
—ልብ ካለህ ፡ አለቃህን ተከተል

ልቢ ወላዲ ይብል ቀጥቀጥ ፡ ልቢ ውሉድ ይብል ቀጥ
—የወላጅ ልብ ይራራል ፡ የልጅ ልብ ይጠነክራል

ልቢ ወራዙት ባሕሪ'ሞ ፡ አየሕምብስን
—የአዛውንቶች ልብ ባህር ነው ፡ ግን አይዋኝበትም

ልቢ ወዲ ዓዲ ፡ ብዕሲ ስፉር
—ያገር ልጅ ልብ ፡ በቁና ይሰፈራል

ልቢ ዓሻንያ ናብ ቤት መስተ ፡ ልቢ መስተውዓልን ናብ ቤት ትምህርቲ
—የሞኝ ልብ ወደ መጠጥ ቤት ፡ ያስተዋይ ልብ ወደ ት-ቤት

ልቢ ዘይብሉ ከልቢ ፡ መዓር የንቀላውጥ
—ልብ የሌለው ውሻ ፡ ማር ይቀላውጣል

ልቢ ዘይብሉ ፡ ዕዳ ነይብሉ
—ልብ የሌለው ሃሳብ የለው

ልቢ ጎበዝ ኣብ ደረቱ ፡ ሓይሊ ሓርማዝ ኣብ ንጮቱ
—የጎረምሳ ልብ በደረቱ ፡ የዝሆን ሃይል በኩምቢው

ልቢ ጎበዝ ፡ እናሓደረ ይበቁል
—ጎረምሳ ፡ እያደር ልብ ይገዛል

ልቢ ግበራ ፡ በላ ሓንክራ
—ልብ ግዙና ፡ አሻሮ አንኩሩ

ልቢስያ ገዝሚ
—ልብ ጥሎሽ ነው

ልባብ መስሓቢ ፡ ልጓም መናዓቢ
—ልባብ መሳቢያ፡ ልጓም ማንቀሳቀሻ

ልብና ስንቅና ፡ በለ ኳክ
—ልባችን ስንቃችን ፡ አለ ቁራ

ልብን ሳዕርን ፡ እናሓደረ ይበቁል
—ልብና ሳር ፡ እያደር ይበቅላል

ልብን ገንዘብን ፡ ካብ ኣርብዓ ዓመት
—ልብና ገንዘብ ፡ ከአርባ አመት በኋላ

ልኡም ምላሽ ፡ ንቁጥዓ የህድኦ
—ልዝብ መልስ ፡ ንዴትን ያበርዳል

ልኡክ ከምዝለኣኽዎ ይነግር ፡ በቕሊ ከምህዝባ ትሰግር
—መልእክተኛ እንደላኩት ይናገራል ፡ በቅሎ እንደመሰሏ ትሰግራለች

ልኡክ ፡ ደገ ንጉስ ነይሓፍር
—መልእክተኛ ፡ የንጉስን ደጃፍ አይፈራም

ልጓም ኣዕንዕ ፡ ፈረስ ክተዕንዕ
—ፈረስ ለማስቆም ፡ ልጓም ማጥበቅ

ልግሲ ኣመል ፡ መልክዕ መሰረት
—ቸርነት አመል ፡ መልክ ከመሰረት

ሎሚ ሰማዕቲ ፡ ዕባሕ መስከርቲ
—ዛሬ ሰሚዎች ፡ ነገ መስካሪዎች

ሎሚ ኾነ ፡ ሓምለ ኾነ
—ዘንድሮ ሆነ ፡ ሃምሌ ሆነ

ሎሚ ኾነ ፡ በለ ሓምለ ሰነ
—ዘንድሮ ሆኖ ፡ አሉ ሓምሌና ሰኔ

ሎሚ ኾነ ፡ በለ ሓምለ ከንሸርዔ
—ዘንድሮ ሆነ እንጂ ፡ አለ የገቦ ጎመን

ሎሚ ዘበን ተመችይዎ ዘሎ ሽርሙጣ ዝሓብቱ ፡ ረቂቅ ዝግራቱ፡ፈላሲት ዝሓማቱ ፡ በጊዕ ዝጥራቱ
—ዘንድሮ የተመቸው ፡ እህቱ ሴተኛ አዳሪ ፡ እርሻው የማይረባ፡አማቱ መነኩሲት ፡ ንብረቱ በግ የሆነ ነው

ሎሚ ዘበን ፀጊሙዎ ዘሎ ወ/ሮ ዝሓብቱ፡ረጉድ ዝግራቱ፡ላሕሚ ዝጥራቱ
—ዘንድሮ የቸገረው እህቱ ወ/ሮ ፡ እርሻው የለማ ፡ ንብረቱ ላም

ሐ

ሑፃን ማይን ፡ መታርፍቲ
—አሸዋና ውሃ አብረው ይኖራሉ

ሐደት ማይ ምስ ኩላሶ ፡ ሐደት ሞባእ ምስ ቀዳሶ
—ጥቂት ውሃ ከጐራሽ ፡ ጥቂት መባ ከቀዳሽ

ሓለቃ ዘይብሉ ሕዝቢ ፡ ሹም ዘይብሉ ንህቢ
—አለቃ የሌለው ህዝብ ፡ ሹም የሌለው ንብ

ሓለፍና ዝብላ ይመግ ፡ ጣይታ ጣፍ ይልምግ
—አወቅን የሚሉ ይመጣሉ ፡ የጤፍ እንጀራ ይጠፈጥፋሉ

ሓሉ ዝበልዎ አየጥፍእ ፡ አፀብቐ ዝበልዎ አየኽፍእ
—ጠብቅ ያሉት አያጠፉ ፡ አሳምር ያሉት አያበላሽ

ሓላብ ጤል ፡ ቀባእ ጤል ቆፀረ
—ፍየል አላቢ ፡ ጡቷን የሚያለሰልስ ቀጠረ

ሓላዊ ዘለዎ በጊዕ ፡ ኩልኩላ ደገ ይሓድር
—ጠባቂ ያላት በግ ፡ ላቷ እውጭ ያድራል

ሓላዊት ዑፍ እንተገበርዋስ ፡ አራይ እምኒ ቆፀረት
—ወፍ ጠባቂ ቢያደርጓት ፡ ድንጋይ ለቃሚ ቀጠረች

ሓላው ፅድቅን ሓላው ጓል በረኻን ፡ ንሓንቲ መዓልቲ
—ፅድቅና የዝንጀሮ ጠባቂ ፡ ለአንድ ቀን

ሓላፊ ዘለዎ የምልጥ ፡ ሓላፊ ዘይብሉ ይቐልጥ
—ዋስ ያለው ያመልጣል ፡ ዋስ የሌለው ይቀልጣል

ሓመረ ግሩም ደአ ይብሉኻ እምበር ፡ ንስኻስ ፈርጣዕጣዓ
—ሃመር ግሩም ነህ ይሉሃል እንጂ ፡ አንተስ ቁጡ ነህ

ሓሙ በላዕ ጥዑም ፈዳይ ሕሱም ፥ ሓምሳ በሊዑ ሚእቲ ዝጎስም
—አማች ጥሩ በልቶ ከሩ ይመልሳል ፥ ሃምሳውን በልቶ መቶውን ይጎ
ስራል ።

ሓሙ አይትግፋዕ ፥ ፀባ አይትድፋእ
—አማችን አትግፋ ፥ ወተትን አትድፋ

ሓሙ ኮኽብ ሰማይ እንተበላስ ፥ መርዓዊ ስር በለ
—አማች የሰማይ ኮከብ ቢሉ ፥ ሙሽራ ዘለለ

ሓሙ ዝበልያ ፥ ሓዊ ከም ዝበልያ
—አማች የበላው ፥ እሳት የበላው

ሓሙስፅግቦ ፥ አሽንኳይዶ እነስ ዑፍኳ ትፀግቦ
—በፀሎት ሓሙስ ቀን ፥ እንኳን እኔ ወፍ እንኳን ትጠግባለች

ሓሙን ዋልታን ፥ ከይሰጎድካዮ አይመልእን
—አማትና ጋሻ ፥ ካልሰጎዱት አይወድም

ሓሙኹሽቲ ዘፍስስሲ ፥ ተመሊሱ ናብ ርእሱ
—አመድ የሚደፋ ፥ ተመልሶ ወደ ራሱ

ሓሙኻ ፥ ሸዊት ሓጋይ አይአዝዝካ
—አማችህ ፥ የቢጋ እሸት አይዘዝህ

ሓሙኻ ተቐራቢ ፥ ገዛኻ ነጣቢ አይኹንካ
—አማችህ ባቅራቢያህ ፥ ቤትህ የሚያፈስ አይሁንብህ

ሓሚሙ ዝተንስእ ፥ ፈጣሪኡ ረስዐ
—ታሞ የተነሳ ፥ ፈጣሪውን ረሳ

ሓማት ዘይብሉስ ፥ ዓውዲ ሓማቱ
—አማት የሌለው ፥ አውድማ አማቱ

ሓማትን መርዓትን ፥ ከይተሰማማዓ ብትንትን
—አማትና ምራት ፥ ሳይስማሙ ይለያያሉ

ሓማትካ ሕነካ ሕነካ ፥ እንተአበየትካ ሕነቃ
—አማትህን አክብራት አክብራት ፥ እምቢ ካለች እነቃት

ሓማዪ ፥ ተሓማዪ
—የሚያማ ይታማል

ሓማዪ ወሚኡ ፥ ገባሪ ይፍደዮ
—አሜትኛውን አምልጦ ፥ ፈፃሚው ይቀጣል

ሓሚትን መላልስን ፡ ድሕሪት ምዓምሎ
—ሃሚትና ጭራ ፡ ከወደኋላ ነው

ሓምለ ምድሪ ፡ ስርናይ ናብ ምድሪ በለ ዓፋር
—በሃምሌ ወር ፡ ስንዴ ወደ መሬት አለ አፋር

ሓምለ ብቑንጣረ ፡ ነሃሰ ብጥርጣረ ፡ ወፃእናያ እምበረ
—ሃምሌ በመቆንጠር ፡ ነሃሴ በመጠርጠር ወጣነው

ሓምለን መርዓትን ፡ ጳጳስን ታቦትን አይቀልዑ
—ሃምሌና መሸሪት ፡ ጳጳስና ታቦት አይገለጡ

ሓምሊ ብዘወፅአ ነፍሲ ፡ ኣይትኹራዕ ገብሲ
—ጎመን ባወጣት ነፍስ ፡ አትኩራ ገብስ

ሓምሊ ብዙሓት ፡ ሓራሪ
—የብዙዎች ጎመን ፡ ይጠነዛል

ሓምሊ በሊዕካ ማይ ምስታይ ፡ ዳርጋ ዘይተጨፍጠጠ
—ጎመን በልቶ ውሃ መጠጣት ፡ ወደ ነበረበት

ሓምልን ዕዳን ፡ ብዓንተቦ ነይርከብ
—ጎመንና እዳ ፡ ተሎ አይደርስም

ሓምሓም አብ ሃገሩ ፡ እምኒ ይሰብር ይብሉ
—ቅል ባገሩ ፡ ድንጋይ ይሰብራል አሉ

ሓምሳ ለሚን ንሓምሳ ሰብ ጣዕሚ ፡ ንሓደ ሰብ ሸኽሚ
—ሃምሳ ሎሚ ለሃምሳ ሰው ጌጡ ፡ ለአንድ ሰው ሸክም

ሓምሳ ሕምባሻ ካብ ምልሓስ ፡ ሓደ ምኹላስ
—ሃምሳ አምባሻ ከመላስ ፡ አንድ መጉረስ

ሓምሳ ሕብስቲ ብዘይ ቅራፍ ፡ ሓምሳ ገምቦ ብዘይ ግፋፍ
—ሃምሳ ህብስት አለቅርፊት ፡ ሃምሳ እንስራ አለ ገ ፊት

ሓምሳ በቕሊ ሓሚን ፡ ሓንቲ ልጓመን
—ሃምሳ የአሚና በቅሎች ፡ ልጓማቸው አንድ

ሓምሳ ገምቦ ሜስ ብዘይ አምቡላ ፡ ሓምሳ ገምቦ ስዋ ብዘይ ሓተላ
—ሃምሳ ገምቦ ጠጅ ያለ አምቡላ ፡ ሃምሳ ገምቦ ጠላ ያለ አተላ

ሓምቢሱ ዘይክእል ቀላይ ኣይእቶ ፡ ተቓሊሱ ዘይክእል ቃልሲ ኣይፍቶ
ዋና የማይችል ባህር አይግባ ፡ ትግል የማይችል ልፍያ አይውደድ

ሓሞት ንፈውሲ ክረኽቡ ኢሎም ዝሓረድዎ ፡ ሓሞት ሰኣኑሉ
—ለመድሃኒት ሃሞት ፈልገው ቢያረዱት ፡ ሃሞት አጡበት

ሓረስታይ አቋፃፅረኒ ፡ ወታደር አዋራውረኒ
—ገበሬ አቆጣጥረኝ ፡ ወታደር አወራውረኝ

ሓረስታይ ካብ አዝመራኡ ፡ ንህቢ ካብ አውራኡ
—ገበሬ ከአዝመራው ፡ ንብ ከአውራው

ሓረሶ ፡ አብ ከብዱ መለሶ
—አረሰው ፡ ሆዱ ውስጥ መለሰው

ሓረግ ሰሓብ ፡ ገረብ ክሰባሰብ
—ሃረግ ሳብ ፡ ዛፍ እንዲሳብ

ሓረግ እንተመዘዙ ፡ አግራብ ይወዛወዙ
—ሃረግ ቢመዙ ፡ ዛፎች ይወዛወዙ

ሓሪስካ ምብላዕ እንከሎ ፡ ክንድዚ ኩርኒዒትዶ'ሎ
—አርሶ መብላት እያለ ፡ ግልምጫው ምንድነው

ሓሪድካያ ሞተት ፡ ነፂኻያ ሞተት
—አርደሃት ሞተች ፡ ነጭተሃት ሞተች

ሓሪጭ ሓማስየን ፡ ዝገበርካዮ ይኸውን
—የሓማሴን ዱቄት ፡ እንዳደረግከው ይሆናል

ሓሪጭ ስኣን ውስኽ ፡ ነገር ስኣን ስኽ
—ዱቄት ከማሳነስ ፡ ነገር ዝም ካለማለት

ሓሪጭ ሰይጣን ፡ ናብ ሓሰር ንፋይ ይልወጥ
—የሰይጣን ዱቄት ወደ ገለባ ይለወጣል

ሓሪጭ ሰይጣን ዝልቃሕ ፡ ከይበልዐን ይብል ጋሕ
—ከሰይጣን ዱቄት የሚበደር ፡ ሳይበላው ይሞታል

ሓሪጭ ዲያብሎስ ፡ እናኽርከረ ይኸይድ
—የዲያብሎስ ዱቄት ፡ እየሸረከተ ይሄዳል

ሓራምዝ እንተተባእሳ ፡ ሳዕሪ ይደሃስ
—ዝሆኖች ሲጣሉ ፡ ሳር ይረጋግጣል

ሓራስ ርባዕ እንተፀንሔ ፡ በዓል ርስቲ ይኸውን
—የእርቦ አራሽ ሲቆይ ፡ ባለ ርስት ይሆናል

ሓራስ ናይ ኢዳ ፥ ትበልዕ አርጕዳ
—አራስ የእጇን ፥ አወፍራ ትበላለች

ሓርማዝ ፥ መዓኩሩ አሚኑ ፥ ጉንዲ ይውሕጥ
—ዝሆን ቂጡን ተማምኖ ግንድ ይውጣል

ሓርማዝ አይትቕረብ ፥ እንተቕረበካ ህደም
—ዝሆን ጋ አትጠጋ ፥ ከመጣብህ ሽሽ

ሓርማዝ እነሆ እንተበሉዎስ ፥ አሰሩ ናበይ በለ
—ዝሆን ይኸውና ቢሉት ፥ ዱካው የታለ አለ

ሓርማዝ ዝወዓሎ ይመስል
—ዝሆን የዋለበት ይመስላል

ሓሰረኛ በዓል በቕሊስ ፥ ምስ ሓላው ከብቲ ይበአስ
—መከረኛ ባለ በቅሎ ፥ ከከብት ጠባቂ ጋር ይጣላል

ሓሰኻ ደምበስ ፥ አብ ዝለምለሙሉ ፥ ሕማቕ አብ ዝፈርሓሉ
—የእበት ትል ወደለሰለሰለት ፥ ሰነፍ ወደ ፈራለት

ሓሱ እንተበሉኒ ክሕሱ ፥ እዝጊ አርአየኒ ቁማል ክፈሱ
—ዋሽ ቢሉኝ እዋሻለሁ ፥ እግዚአብሔር አሳየኝ ቅማል ሲፈሳ

ሓሲኻ አይቕያሕ ፥ አብ እምኒ ደይብካ አይንዋሕ
—ዋሽተህ አይቀላ ፥ ድንጋይ ላይ ወጥተህ አይረዘም

ሓሳብ ሰብን ፥ ጭራ ኽልቢን ፥ ኩልሳዕ ላዕሊ ላዕለ.
—የሰው ሃሳብና የውሻ ጭራ ሁልጊዜ ወደ ላይ

ሓሳብ የጋናኒ ፥ ፍርሓት የሰናኒ
—ሃሳብ ያገናኛል ፥ ፍርሃት ያሸኛኛል

ሓሳዊ ምስክር ፥ ብርኪ ይሰብር
—ሃሰትኛ ምስክር ፥ ቅስም ይሰብር

ሓሳዊ ብቓሉ ፥ እተሰብረ ብምስሉ
—ውሸታም በቃሉ ፥ የተሰበረ በምስሉ

ሓሳዊ መልሓሱ ለማዕ ፥ አፉ ቶማም ፥ ስኑ ጓህማም
—ውሸታም ምላሱ ልዝብ ፥ አፉ ጠማማ ፥ ጥርሱ ወላቃ

ሓሳዊ አብ መልሓሱ ፥ ክናብ አብ ማሕረሱ ይፍለጥ
—ውሸታም በምላሱ ፥ አባያ በእርሻው ይታወቃል

ሓሳዊ ከም ኣፉ ፡ ሰራቒ ከም ኢዱ
—ውሽታም እንደ ኣፉ ፡ ሌባ እንደ እጁ

ሓሳዊ ፡ ክልተ ግዜ ይርህዕ
—ውሽታም ፡ ሁለት ግዜ ያልበዋል

ሓሳዊ ወረጃን ፡ ጎናይ ኣርሓን የጥፍእ
—ውሽታም ኣዛውንትና መጥፎ ኩርማ ያጥፋ

ሓሳዊ ዘውረዮ ፡ ፈረሰኛ ነይመልሶ
—ውሽታም ያወራው ፡ ፈረሰኛ ኣይመልሰውም

ሓሳዊስ ይድረር እምበር ኣይምሳሕን
—ውሽታም እራቱን እንጂ ምሳውን ኣይበላም

ሓሳዊን ስንቅን ፡ እናሐደረ ይፍክስ
—ውሽታምና ስንቅ ፡ እያደር ይቀላል

ሓስዩ ዝመስከረ ፡ ኣብራኹ ዝተሰብረ
—ዋሽዮ የመሰከረ ፡ ጉልበቱ የተሰበረ

ሓስዩ ዝፈርድ ፡ ዕውር ይወልድ
—ሀሰት ቢፈርዱ ፡ ዕውር ይወልዱ

ሓሶት ተዛሪብካ ፡ ሓቂ ርሽብ
—ሀሰት ተናግረህ ፡ ሃቅን ኣግኝ

ሓሶት ንሓደ ዕለት ኣሶት ፡ ንዝልኣለም ፍኹሰት
—ሀሰት ለጊዜው ያስደስታል ፡ ለዘልኣለም ግን ውርደት ነው

ሓሶት ኣየቐይሕ ፡ ምድርባይ ኣየንውሕ
—ሀሰት ኣያቀላ ፡ መወርወር ኣያስረዝም

ሓሶት እንተተደጋገመ ፡ ሓቂ ይመስል
—ውሸት ሲደጋገም ፡ እውነት ይመስላል

ሓሶት ዝዘርኤ ፡ መዓት ይዓፅድ
—ውሸት የዘራ ፡ መአት ያጭዳል

ሓሶት ፡ ድራር ሓደ ምሸት
—ሀሰት ፡ ያንድ ቀን ራት

ሓሶትን ስንቅን ፡ እናሐደረ ይፍክስ
—ውሸትና ስንቅ ፡ እያደረ ይቀላል

ሓቀኛታት ምስክር ሐደ መልሓሶም ፡ ዕሩያት ኣብዑር ሓደ ማሕረሶም
—ሃቀኛ ምስክሮች ቃላቸው አንድ ፡ ጥሩ በሬዎች አስተራረሳቸው አንድ

ሓቂ ፡ ሚዛን ወርቂ
—ሃቅ ፡ የወርቅ ሚዛን

ሓቂ ብርእሳ እንተቐበርካያ ፡ ብእግራ ትወዕእ
—ሃቅን በአናትዋ ብትቀብራት ፡ በእግሯ ትወጣለች

ሓቂ፡ ናይ ዘልአለም ስንቂ
—ሃቅ፡ የዘልአለም ስንቅ

ሓቂ ንሓንቲ መዓልቲ ጭንቂ ፡ ንዘልአለም ዕድቂ
—ሃቅ ለአንድ ቀን ጭንቅ ፡ ለዘላለም ዕድቅ

ሓቂ ንደቂ ፡ ፀሓይ ንደርቂ
—ሃቅ ለልጆች ፡ ፀሓይ ለድርቅ

ሓቂ ፡ ኣብ ለቐታ ኣይኣቱን
—ሃቅ ፡ በስልቻ አይጸጠርም

ሓቂ ፡ ኣኽሊል ወርቂ
—ሃቅ ፡ የወርቅ አክሊል

ሓቂ ፡ እናሓደረ ይኹላዕ ፡ ከም ወርቂ
—ሃቅ ፡ እያደረ እንደወርቅ ያበራል

ሓቂ እናሓደረ ይኹላዕ ፡ ከም ለይቲ
—ሃቅ እያደረ እንደ ንጋት ይበራል

ሓቂ እንተሰኣንካያ ፡ ኣብ ሰኽራምን ዕቡድን ድለያ
—ሃቅን ካጠሃት ፡ ከሰካራምና ከዕብድ ፈልጋት

ሓቂ ፡ የዕብዮም ንደቂ
—ሃቅ ልጆችን ያሳድጋል

ሓቂ ይፀንሕ ንደቂ ፡ ዕቡኞ ግብሪ ይኸውን ንዕድቂ
—ሃቅ ለልጆች ይቆያል ፡ ደግ ስራ ለዕድቅ ይሆናል

ሓቂ ግበር ፡ ኣብ መንገዲ ደቅስ
—ሃቅ ሰርተህ ፡ መንገድ ላይ ተኛ

ሓቂ ጨሪስካ አይንገርን ፡ አም ክሳብ ጫፉ አይትገርን
—ሃቅ በሙሉ አይነገርም ፡ ዛፍ ጫፉ ድረስ አይወጣም

ሓቅን ወጋሕታን ፡ እና ፀንሐ ይግለፅ
—ሃቅና ንጋት ፡ እየቆየ ይገለጣል

ሓቅን ይመስል ፡ ልብኻን የቑስል
—ሃቅን ይመስላል ፡ ልብ ያቆስላል

ሓቢ ዝሰተየ ፡ መዓኮሩ አይሕብስን
—ኮሶ የጠጣ ፡ ቂጡን አይጠርግም

ሓቢ ፀሊም ንሰታይኡ መረር ፡ ንሰማዒኡ አስተንከሮ
—ኮሶ ለጠጪው መረረው ፡ ለሰሚው ገረመው

ሓቢረን ዝወጠጣ አፃብዕሲ ፡ አርቃይ የፀምብዓ
—አብረው የሳቡ ጣቶች ፡ ቀርክሃ ያጎብጣሉ

ሓቢርና ንብላዕሲ ፡ ንብዓዶም ግብሪ ይመስሎም
—አብረን እንብላ ማለት ፡ ለሁሉም ግብር ይመስላቸዋል

ሓቢርካ ምዕባይ የናዓዕቕ ፡ በበይንኻ ምዕባይ የራሓሕቕ
—አብሮ ማደግ ያናንቃል ፡ ተለይቶ ማደግ ያራርቃል

ሓቢርካ ዝመኽርካዮን አድቂቕካ ዝመተርካዮን ፡ እቱይ አይጐድእ ፡ እቱይ አይሓንቕ
—አብረህ የመከርከው ፡ አድቅቀህ የመተርከው ያኛው አይጐዳ ፡ ያኛውም አያንቅ

ሓቢሮም ዝተፀምዱ ፡ ሓቢሮም ይዳረቱ
—አብረው የተጠመዱ ፡ አብረው ሳር ይበላሉ ።

ሓቢሮም ዝበልዑ ፡ ሓቢሮም ደሞቱ
—አብረው የበሉ ፡ አብረው ይሞታሉ

ሓቢሮም ዝተፀምዱ ሓቢሮም ይፍትሑ ፡ ሓቢሮም ዝያሙ ሓቢሮም ይምስሑ
—አብረው የተጠመዱ አብረው ይፈታሉ ፡ አብረው የያሙ አብረው ምሳ ይበላሉ

ሓቢሮም ዝፈሰውዋሰ ፡ ዘይትጨኑ
—ተማክረው የፈሱት ፡ አይገማም

ሓባሊ እንተዝጠፍአ ፡ ምድሪ ምጠፍአ
—የሚሸነግል ሰው ባይኖር ፡ መሬት ትጠፋ ነበር

ሓባል ፡ መጠመቲአ ትኮሓል
—አይኗ ላይ የጣለባት ፡ ይበልጥ እንድትታይ ትኳላለች

ሓባእ ቁስሉ ፡ ሓባእ መድሃኒቱ
—ህመሙን የሚያብቅ ፡ መድሃኒት የለውም

ሓተላ ግንቦት ፡ ይሳለምዎ ከም ታቦት
—የግንቦትን አተላ ፡ እንደ ታቦት ይሳለሙታል

ሓትኖ ፡ ነይትኸውን ክንድኖ
—አክስት ፡ አትሆንም እንደ እናት

ሐኒቑን ይቑትላኻ ፡ ሲባ የሽትታኻ
–አንቀው ይገድሉሃል ፡ እበት ያሸቱሃል

ሓንቲያ ዘይአዲአምሲ ፡ እቲሓደ ቅለውለይ ፡ እቲ ሓደ መንጥርለይ
—እናታቸው አንድ ያልሆኑ ልጆች ፤ አንዱ ቁይልኝ፡አንዱ አንጉችልኝ

ሓንካስ ሰብአይ ወዳእ አንስቲ ፡ ሓንካስ ብዕራይ ወዳእ ሕዛእቲ
–አንካሳ ወንድ ሴቶችን ያማግጣል ፡ አንካሳ በሬ የተከለከለ ግጦሽ ይጨርሳል

ሓንካስ በጊዕ ፡ ዕየት ሒዛ ትጠፍአ
—አንካሳ በግ ፡ ግልግል ይዛ ትጠፋለች

ሓንካስ ብዕራይ ወዳእ ሕዛእቲ ፡ ሓንካስ አድጊ ወዳእ ምህርቲ
—አንካሳ በሬ የተከለከለ ግጦሽ ይጨርሳል ፡ አንካሳ አህያ ምርት ይጨርሳል

ሓንካስ ወኻርያ ፡ ወዳእ ዕያውቲ
—አንካሳ ቀበሮ ግልገሎችን ይጨርሳል

ሓንካስ ዘለዎ ደብሪ ፡ ሓርገፅ ዘለዎ ባሕሪ ፡ ከይተሰበረ አይውዕልን
—አንካሳ ያለው ደብር ፡ አዞ ያለው ባህር ሳይረበሽ አይውልም

ሓንካስ ዘውረዮ ፡ በዓል ፈረስ ነይመልሶ
—አንካሳ ያወራውን ፡ ባለፈረስ አይመልሰውም

ሓንካስ ዝሓለቑአም ፡ ኩሎም የንደልፍፀ
—መሪያቸው አንካሳ ከሆነ ፡ ሁሉም ይወላገዳሉ

ሓንካስ ጫቕት ንሽላ ፡ ዓባይ ጓል ንምስላ
—እንካሳ ጫጩት ለጭልፊት ፡ ትልቅ ልጃገረድ ለተረት

ሓንጊሮም ዘእተውዎስ ፡ ብእግረይ አተኹ በለ
—እንኮኮ ብለው ያስገቡት፡ በእግሬ ገባሁ አለ

ሓኖኻ ፡ መሐናሕንትኻ
—የእህትማማቾች ባሎች ተፎካካሪ ናቸው

ሓኪም እንተበዝሐ ፡ ሕሙም ይመውት
—ሐኪም ሲበዛ ፡ በሽተኛ ይሞታል

ሓኸለ ፡ ሃቦ ንዝኣኸለ
—ፍርምባ ፡ አቅመ አዳም ለደረሰ ስጠው

ሓኸለ ዓበረ ኢልካ አይትሕደግ ፡ ወዲ ጭዋ ሐመቐ ቢልካ አይትንዓቕ
—ፍርምባ አልሰባም ብለህ አትተወው ፡ የጨዋ ልጅ ኮሰሰ ብለህ አትናቀው

ሓኾት ሓኾት አብልዮ ፡ ከምዘይወርድ ግበርዮ
—ሸርከት ሸርከት አድርጊና እንደማይወርድ አድርጊው

ሓወቦ ፡ ነይከውን ክንዲ አቦ
—አጐት ፡ አይሆንም እንደ አባት

ሓወይ ኢልካ አይትህቦን ዘይናቱ ፡ ጓና ኢልካ አይትኽልአን ናቱ
—ወንድሜ ነው ብለህ የሌላውን አትሰጠውም ፡ ባዳ ነው ብለህ የራሱን አትከለክለውም

ሓወይ ኢልካ ሰብ አይትእመን ፡ ድሙኻኺ ተምዕአልካ ተመን
—ወንድሜ ነው ብለህ ሰውን አትመን ፡ ድመትህም እንኳ እባብ ታመ ጣብሃለች

ሓወይ ዝብል ፡ አይውቃዕኻ
—ወንድሜን የሚል ፡ አይምታህ

ሓዊ ሓሚሙ እንተደቀሰስ ፡ ሓሰር በፅሒ
—እሳት ታሞ ቢያንቀላፋ ፡ ገለባ ጎበኘው

ሓዊ ሓደው አንዲድካ መማቐ ፡ ሓደው አጥፊእካ ምርሓቐ
—እሳትን ወይ አቀጣጥለህ መሞቅ ፡ ወይ አጥፍተህ ማራቅ

ሓዊ ምስሓን ይፈቱ ፡ ጉንዲ ከምዘእቱ
—እሳት መሞቅ ይወዳል ፡ ግንድ ያመጣ ይመስል

ሓዊ ብገልዒ ፡ ነገር ብወግዒ
—እሳት በገል ፡ ነገር በወግ

ሓዊ ኣተወካ እንተበልዎስ ፡ ደሓን ሳዕሪ ተኽዲነ ኣለኹ በለ
—እሳት መጣብህ ቢሉት ፡ ምንም አይደል ሳር ለብሻለሁ አለ

ሓዊ እንተቐረብካዮ የሳሕየካ ፡ ሹመኛ እንተቐረብካዮ ይእዝዘካ
—እሳት ከቀረብከው ያሳክክሃል ፡ ሹም ከቀረብከው ያዛሃል

ሓዊ እንተተደሞለ ዝጠፍአ ይመስል
—እሳት ቢዳፈን ፡ የጠፋ ይመስላል

ሓዊ ዝሓዘ ፡ ሓዊ ኣልመፀ
—እሳት የያዘ ፡ እሳት ላሰ

ሓዊን ነገርን ፡ ከም መጠን ዝኣጮድካዮ ይቃፀል
—እሳትና ነገር ፡ እንዳያያዝከው ይቀጣጠላል

ሓው ሓመቐ ኢልካ ኣይዕላእ ፡ ስጋ ኣድጊ ሰብሒ ኢልካ ኣይብላዕ
—ወንድም ሰነፈ ተብሎ አይጠላም ፡ የአህያ ስጋ ሰባ ተብሎ አይበላም

ሓው ሓደ ፡ ከምዘይ ተወልደ
—የአንድ ወንድም ፡ እንዳልተወለደ

ሓው ሰበይቲ ንጣዛ ፡ ሓው ሰብኣይ ንበረኻ
—የሴት ወንድም ወደ ቤት ፡ የወንድ ወንድም ወደ ውጭ

ሓው ብዙሓት ኣይትቕተል ፡ ግንዘብ ብዙሓት ተቐበል
—የብዙዎችን ወንድም አትግደል ፡ የብዙዎች ገንዘብ ተቀበል

ሓው ብዙሓት ኣይትውቃዕ ፡ ግንዘብ ብዙሓት ብላዕ
—የብዙዎችን ወንድም አትምታ ፡ የብዙዎችን ገንዘብ ብላ

ሓው ንሓው ኣይባለዕ ፡ ዓረብ ንዓረብ ኣይጸረፅ
ወንድም ከወንድም አይበላለጥም ፡ ምላጭ ምላጭን አይቆርጥም

ሓው እንተደለኻ ኣደ ትለድ ፡ ስጋ እንተደለኻ መኻን ሕረድ
—ወንድም ከፈለግክ እናትህ ትውለድ ፡ ስጋ ከፈለግክ መሲና እረድ

ሓው ዋሕስ ኣይዕገት ፡ ሓው ክናብ ኣይሕረስ
—ወንድም ዋስ አይጠራ ፡ ወንድም በአባያ በሬ አይረስ

ሓው ዋሕስ ኣይዕገት ፡ ብጫይ ክናብ ኣይጎተት
—ወንድም ዋስ አይጠራ ፡ ጓደኛ አባያ በሬ አይጎትት

ሓው ዘለዎ ነዳሪ ፡ ሓው ዘይብሉ ቆራሪ
—ወንድም ያለው ፎካሪ፡ ወንድም የሌለው ፈሪ

ሓው ዘይብሉ በዓል ልቢ ፡ ጨው ከምዘይብሉ መግቢ
—ወንድም የሌለው ባለ ልብ ፡ ጨው እንደሌለው ምግብ

ሓው ዘይብሉን ፡ ጨው ዘይብሉን ሓደ
—ወንድም የሌለውና ፡ ጨው የሌለው አንድ

ሓው ዝበሎን ፡ ሓዊ ዝበልየን ሓደ
—ወንድም ያለውና ፡ እሳት የበላው አንድ

ሓው ፈውሲ ሓው ፡ ዘመድ ፈውሲ ጐመድ
—ወንድም የወንድም መድሃኒት ፡ ዘመድ ከዱላ ያድናል

ሓውትኖ ትቐሉ ፡ ግን ንወዳ ተዳሉ
—አክስት ትቆላለች ፡ ግን ለልጇ ታደላለች

ሓውኻ አሕሊፉ ነይበካ
—ወንድምህ አሳልፎ አይሰጥህም

ሓውካ እየ ዝብል አይውቃዕኻ ፡ ጐይታኻ እየ ዝብል አይጠምትካ
—ወንድምህ ነኝ የሚል አይምታህ ፡ ጌታህ ነኝ የሚል በክፉ አይይህ

ሓያል ሓምሓም ፡ ንእምኒ ሓደጋ ይወድቆ
—ሃይለኛ ቅል ፡ ድንጋይ ላይ ይወድቃል

ሓያል ብስሕለቱ ፡ ሓርማዝ ብንጎቱ
—ሃይለኛ በስለቱ ፡ ዝሆን በኩምቢው

ሓያል ፡ ኣብ ድሕሪ ሰበይትኻ አይድቅስ
—ሃይለኛ ፡ ከሚስትህ ጀርባ አይተኛ

ሓያል ኣንበጣ ፡ እኽልኻ በሊዑ ኣብ ደጎልካ ይሰፍር
—ሃይለኛ አንበጣ ፡ እህልህን በልቶ አጥርህ ላይ ይሰፍራል

ሓያል ካብ ምህራሙ ፡ ድኻ ካብ ምርጋሙ የድሕነና
—ከሃይለኛ ዱላ ፡ ከድሃ እርግማን ያድነን

ሓያል ወቒዑ ዘይደገመ ይማጣላዕ ፡ ሕማቕ ክድገም ይጥላዕ
—ሃይለኛ መትቶ ካልደገመ ይንጠራራል ፡ ሰነፍ እንዲደገም ይለመጣል

ሓያል ውሕጅ ፡ ክንዲ ዘንቆልቁል የንቃዕርር
—ሃይለኛ ጐርፍ ቁልቁል ከመፍሰስ ሽቅብ ሽቅብ ይላል

ሓያል ደፋኢ ፣ ውሕጅ ገፋዒ
—ሃይለኛ ይገፈትራል ፣ ጐርፍ ዳር ያወጣል

ሓያል ዳኛ ፣ ክንዲ ምኽሳሱ ምኽላሱ
—ሃይለኛ ዳኛን ፣ ከመክሰስ ማጉረስ

ሓያል ጋር የብሉ ፣ ሰይጣን ዴር የብሉ
—ሃይለኛ ጉማ የለው ፣ ሰይጣን ገደብ የለው

ሓያም ቀውዒስ ፣ ማዕዒድ ጎበጠ ኢላ ትስሕኞ
—የመክር መበለት ፣ ማጭድ ጎበጠ ብላ ትስቃለች

ሓይሊ መላኺ ፣ ደረት የብሉን
—ያሸናፌ ሃይል ፣ ወሰን የለውም

ሓይሊ ከሎ ፣ ፍትሒ ምናባቱ
—ሃይል እያለ ፣ ፍትህ ምናባቱ

ሓይሊ ዘይብሉ ተቓላሲ ፣ ስንቂ ዘይብሉ ኮላሲ
—ሃይል የሌለው ታጋይ ፣ ስንቅ የሌለው ጐራሽ

ሓደ መዓልቲ ምስ ዝስሕቱ ፣ ዕድመ ምሉእ ይዕፀቱ
—አንድ ቀን ቢስቱ ፣ እድሜ ሙሉ ይፀፀቱ

ሓደ መዓልቲ ከይበዕሑ ፣ ዓመት ይሕብኡ
—አንድ ቀን እንዳይጠይቁ ፣ አመት ይደበቃሉ

ሓደ መጭ በሃሊ ፣ ሓደ ሰራሪ
—አንዱ መጭ ባይ ፣ አንዱ ጋላቢ

ሓደ ምልክታ ፣ ይህብ ጠየቐታ
—አንድ ምልክት ፣ ጥያቄን ያስከትላል

ሓደ ምስክር አየደንግፅ ፣ ሓዲ ዓይኒ አየረጋግፅ
—አንድ ምስክር አያስደነግጥ ፣ አንድ አይን አያረጋግጥ

ሓደ ምስክር የርትዕ ፣ ሕማቕ ዳኛ የውቅዕ
—አንድ ምስክር ያስረታል ፣ ሰነፍ ዳኛ ያስመታል

ሓደ ሰነ ዝተነቐለ ሓረስታይ ፣ ብሸውዓቱ ሰነ አይትክልን
—አንድ ሰኔ የነቀለውን ገበሬ ፣ ሰባት ሰኔ አይተክለውም

ሓደ ሳዕ ንነፍስኻ ፣ ሓደ ሳዕ ንስጋኻ
—አንድ ግዜ ለነፍስህ ፣ አንድ ግዜ ለስጋህ

ሓደ ስሱዕ ፡ ንኹሉ ይነስዕ
—አንድ ስስታም ፡ ሁሉንም ያስከለክላል

ሓደ ቁማል ስረ የፍትሕ ፡ ሓደ ወረኛ ሃገር ይፈትሕ
—አንድ ቅማል ሱሪ ያስፈታል ፡ አንድ ወረኛ አገር ይፈታል

ሓደ ብዝወርወሮ ፡ ሽሕ ብዝመኽሮ
—አንድ በወረወረው ፡ ሺ በመከረው

ሓደ ከምዘይተወልደ ፡ ክልተ ዳርጋ ሓደ
—አንድ እንዳልተወለደ ፡ ሁለት እንደ አንድ

ሓደ ከይበልካ ፡ ክልተ አይበሃልን
—አንድ ሳይባል ፡ ሁለት አይባልም

ሓደ ከይዕምብሩ ፡ ያሞም ይሓድሩ
—አንድ እንዳይጨምሩ ፡ ጠማቸውን ያድሩ

ሓደ ከይዕምብር ፡ አምዑቱ ይጠምር
—አንድ እንዳይጨምር ፡ አንጀቱን ያስራል

ሓደ ክርእየካ አይትበላዕ ፡ ብዙሓት ክርእዩኻ ብላዕ
—አንድ ሲያይህ አትበላ ፡ ብዙዎች ሲያዩህ ብላ

ሓደ ክዛረብ ፡ ኩሉ ይሰምዕ
—አንድ ሲናገር ፡ ሁሉ ይሰማል

ሓደ ዓመት ብወዝ ፡ ሓደ ዓመት ብደሞዝ
—አንድ አመት በወዝ ፡ አንድ አመት በደሞዝ

ሓደ ዓመት ከይመሃሩ ፡ ሰብዓ ዓመት ይድንቁሩ
—አንድ አመት እንዳይማሩ ፡ ሰባ አመት ይደነቁሩ

ሓደ ዓመት ከይመሃሩ ፡ ሰብዓ ዓመት ይሕፍሩ
—አንድ አመት እንዳይማሩ ፡ ሰባ አመት ያፍሩ

ሓደ ዕንጨይቲ ኣይነድድ ፡ ሓደ ሰብ አይፈርድ
—አንድ እንጨት አይነድ ፡ አንድ ሰው አይፈርድ

ሓደ ዝወሳዲኡ ፡ ብዙሕ ተሓማይኡ
—አንዱ በወሰደው ፡ ብዙ ይታመበታል

ሓደ ዳሱ ፡ ንንብሕቱ ሜሱ
—ዳሱ አንድ ፡ ጠጁ የተለያየ

ሓደ ግዜ ሌባ ካብ በልዎ ፡ ዝቐረበ እንተቐረበ ነይአምንዎ
—አንዴ ሌባ ካሉት ፡ ቢቆርብም አያምኑትም

ሓደው ተዋጋእ ተዓጢቕካ ፡ ሓደው ህደም አርሒቕካ
—ወይ ታጥቀህ ተዋጋ ፡ ወይ ርቀህ ሽሽ

ሓደው ተፋቲኻ ተሳሐሓቕ ፡ ሓደው ተባሊእካ ተራሓሓቕ
—ወይ ተዋድደህ ተሳሳቅ ፡ ወይ ተጣልተህ ተራራቅ

ሓደው ውላድ ምስ ዓፀባ ፡ ሓደው ላም ምስ ፀባ ሓደው ፡ እኽሊ ተደሊባ
—ወይ ልጅ ከችግር ጋር ፡ ወይ ላም ከወተት ጋር ፡ ወይ እህል ተከምሮ

ሓደው ዝበሉኻ ግብረሎም ፡ ሓደው ዓዶም ሕደገሎም
—ወይ ያሉህን አድርግ ፡ ወይ አገራቸውን ልቀቅ

ሓዲሮም ንዝፈላለዩስ ፡ አአመሎም ይረአአዩ
—አድረው ሲለያዩ ፡ አመል ያሳዩ

ሓዲሽ ተፈታዊ ፡ ነባር ተግልታዊ
—አዲስ ተወዳጅ ፡ ነባር ተንግላች

ሓዲሽ ኴንካ ምፃእ ፡ ከይተመኖኻ ውፃእ
—አዲስ ሆነህ ግባ ፡ ሳትሰለች ውጣ

ሓዲሽ ጓሳ ፡ አድጊ የዳርት
—አዲስ እረኛ ፡ አህያ ያስግጣል

ሓዲሽ ፍቕሪ መውድእ እኽሊ ፡ ሓዲሽ እኽሊ መዐደግ ኩሕሊ
—አዲስ ፍቅር እህል ያስጨርሳል ፡ አዲስ እህል ኩል ያስገዛል

ሓዳስ ግዝእቲ ፡ ድሙ ተልዕል
—አዲስ ገረድ ፡ ድመት ትንከባከባለች

ሓዳር ቀሊል ፡ ምሕላው ይገድድ
—የቅሌታም ትዳር ፡ መጠበቁ ይብሳል

ሓጥያተይ ዝርዙር ፡ ፀሎተይ ስሙር
—ሓጥያቴ የተዘረዘረ ፡ ፀሎቴ የሰመረ

ሓጥያት እንተተደጋገመስ ፡ ዕድቂ ይመስል
—ሃጥያት ከተደጋገመ ፡ ዕድቅ ይመስላል

ሓጥያትን ንብረትን ፡ ተዋህላላይ
—ሃጥያትና ንብረት ፡ ይከማቻል

ሓፂር ሰብኣይሲ ፡ ኣቱም ከይተባህለ ይኣርግ
—አጭር ሰው ፡ አንቱ ሳይባል ያረጃል

ሓፂር ንምምካር ፡ ነዊሕ ንምውራር
—አጭር ለመምከር ፡ ረዥም ለመውረር

ሓፂር አድጊስ ፡ ወትሩ ሚሉ
—አጭር አህያ ፡ ሁሌ ውርንጭላ

ሓፂን ምስ ሓፂን እንተተሳሕለ ፡ ይበልሕ
—ብረት ከብረት ጋር ከተሳለ ፡ ስለታም ይሆናል

ሓፂን ንሓፂን ይባላላሕ ፡ ጐራሕ ንጐራሕ ይጓራራሕ
—ብረት ለብረት ይሰላል ፡ ብልጥ ለብልጥ ይበላለጣል

ሓፂን ክረስን ከሎ ቀጥቅጦ ፡ ንፉግ ክህብ ከሎ መጥምጦ
—ብረት ሲግል ቀጥቅጠው ፡ ስግብግብ ሲሰጥ መጥምጠው

ሓፊሮም ዝሓደግዎስ ፡ ፈሪሐም ዝሓደግዎ ይመስሎ
—አፍረው የተዉት ፡ ፈርተው የተዉት ይመስለዋል

ሓፉር ፡ ጓል ካብ ፡ ሓዋ ትጠንስ
—አይነ አፋር ልጃገረድ ፡ ከወንድሟ ታረግዛለች

ሓፍ በሉለይ ኣይትበል ፡ ሓፍ ኣብ ዝበሉልካ ተቐመጥ
—ተነሱልኝ አትበል ፡ ሲነሱልህ ተቀመጥ

ሓፍቱ ዝመገበቶ ፡ ጓዕማም ዝወግኡቶ ፡ ኣብ ዓመቱ ይመውት
—እህቱ የመገበችው ፡ ጐማማ የወጋቸው ፡ ባመቱ ይሞታል

ሓፍትኻ ዘምፀአትልካ ዘማ ፡ ኣይትቀደም
—እህትህ ያመጣችልህን አማች ፡ ተቀበለው

ሕለይ ዘይበሉዎ መርዓዊስ ፡ እግሪ ሓማቱይ ቀጢኑ ኢሉ ይሓዝን
—አስብ ያላሉት ሙሽራ ፡ የአማቴ እግር ቀጠነ ብሎ ያዝናል

ሕለይ ዘይበሉዎስ ፡ ቀሚሽ ሓማቱ ይሓሊ
—አስብ ያላሉት ፡ ስለ አማቱ ቀሚስ ያስባል

ሕልሚ ለይትስ ፡ ተስፋ ድኻ
—የሌሊት ህልም የደሃ ተስፋ

ሕልሚ ከምዝፈታሕካዮ ፡ ከብዲ ከምዘልመድካዮ
—ህልም እንደፈታኸው ፡ ሆድ እንዳስለመድከው

ሕልፈት ንዘይፈልጥ ፡ ፅላሎት ንጥሆ ኣርእዮ
—ድህነት ለማያቅ ፡ የጥዋት ጥላ አሳየው

ሕልፈት ንዘይፈልጥ ፡ ውና ኢዳ ኣርእዮ
—ድህነት ለማያቅ ፡ የኢዳ ዎና አሳየው

ሕልፍ ክብላ ፡ ሕውስ ይብላ
—እልፍ ሲሉ ፡ ድብልቅ ይላሉ

ሕልፍቲ መርዓትስ ፡ እንተሰዓሙዋ ትበኪ
—ወገኛ ሙሽሪት ፡ ሲስማት ታለቅሳለች

ሕልፍቲ አደስ ፡ ጎረምሳ ይረአያ
—ወገኛ እናት ፡ ጎረምሳ ትመኛለች

ሕመኞ ፡ ካብ ዲኖ በጊዕ ትሞኞ
—ስንፍና ፡ ከበግ ለምድ ይሞቃል

ሕመኞ ይደቁስ ፡ ንፋስ የፍኩስ
—ስንፍና ይደቁሳል ፡ ነፋስ ያቀላል

ሕመኞ ይደቁስ ፡ ጥሜት የደቅስ
—ስንፍና ይደቁሳል ፡ ረሃብ ያስተኛል

ሕመት ጓሀሪ የብዝሕ ፡ ኩራ ባእሲ የብዝሕ
—ከሰል ፍም ያበዛል ፡ ኩርፊያ ጠብ ያበዛል

ሕሙም መንዐርፀሪ ፡ አምላኽ ዝወስኖ ዘይቐሪ
—በሽተኛ ይነጫነጫል ፡ እግዚአብሔር ያለው ነገር ላይቀር

ሕሙም አየህተፍትፍ ፡ ዝበሎ ዘይተርፍ
—በሽተኛ አይለፍልፍ ፡ የተባለው ነገር ላይቀር

ሕሙም አይትኾሪ ፡ ዝበሎ ዘይቀሪ
—በሽተኛ አታኩርፍ ፡ ያለው ነገር ላይቀር

ሕሙም ዓይኒ ፡ ኣብ ጥቃ ትክ አይተቕርብ
—በሽተኛ ዓይን ፡ ወደ ጭስ አትቅረብ

ሕማም ተረኺቡስ ፡ ሰኣን ማእሲ
—በሽታ ተገኝቶ ደግሞ ገንዲ ይጥፋ ወይ !

ሕማም ዓይኒ ኩሉ ይርእዮ ፡ ሕማም ከብዲ እዝጊ ይርእዮ
—የአይን በሽታ ሁሉም ያየዋል ፡ የሆድ በሽታ እግዚአብሄር ያየዋል

ሕማም ዘይብሉ ፣ ሕሙም ስጋ በሊዑ ይሓምም
—በሽታ የሌለበት የተበላሸ ፣ ስጋ በልቶ ይታመማል

ሕማም የበላሹ ፣ ጥሜት የተዓሻሹ
—በሽታ ያበላሻል ፣ ረሃብ ያሞኛል

ሕማም ይዕይን ፣ ንጉስ ይብይን
—በሽታ ያበላሻል ፣ ንጉስ ይፈርዳል

ሕማም ጐረቤት ፣ ተመሓላላፊ
—የጎረቤት በሽታ ፣ ይተላለፋል

ሕማኞ ሓረስታይ ፣ ሓንቲ ነዊቱ
—ሰነፍ ገበሬ ፣ ሞፈሩ አንድ ነው

ሕማኞ ሓረስታይ ፣ መሓተር ተሓማ
—ሰነፍ ገበሬ ፣ ሰርዶ ያፋፋል

ሕማኞ ማሕረስ ፣ መነይር ተሓማ
—በደንብ ያልታረሰ እርሻ ፣ ሰርዶ ያፋፋል

ሕማኞ ምስ ዝፀልእ ከማዓልካ ይኽልእ
—ሰነፍ ሲጠላ ፣ ሰላምታ ይነሳል

ሕማኞ ሰበይቲ ወላዲት ፣ ሕማኞ ግራት ጨላዲት
—ሰነፍ ሴት ትወልዳለች ፣ የማይረባ እርሻ ያቆጠቁጣል

ሕማኞ ሰብአይ ተቓባሚ ፣ ሕማኞ ስዋ መባሚ
—ሰነፍ ባል ይፎካከራል ፣ መጥፎ ጠላ ይኮመጥጣል

ሕማኞ ሰአን ዓኞሙ ፣ ወዲ ሓላል ስሙ
—ሰነፍ በስንፍናው ፣ የዋህ ይባላል

ሕማኞ ስኞ እንተበለ ፣ ለባም ይመስል
—ሰነፍ ዝም ሲል ፣ ልባም ይመስላል

ሕማኞ ቀሺ ሓንቲ ማህሌቱ ፣ ሕማኞ ዋጣ ሓንቲ ድርሰቱ ፣ ሕማኞ አስላማይ ሓንቲ ሰበይቱ
—ሰነፍ ቂስ አንድ ማህሌቱ ፣ ሰነፍ ዘፋኝ አንድ ድርሰቱ ፣ ሰነፍ እስላም አንድ ሚስቱ

ሕማኞ በዓልቲ ቤትሲ ፣ ዝባን ጣይታ ትልሕስ
—ሰነፍ የቤት እመቤት ፣ የእንጀራ ጀርባ ትልሳለች

ሕማኞ ብዕራይን ሕማኞ መርዓዊን ፣ ነቲ ምሕራዱ ነቲ ምስዳዱ
—ሰነፍ በሬና ሰነፍ ሙሽራ ፣ ያንን ማረድ ፣ ያንን መስደድ

ሕማቹ ነዓቺ ፡ ፀማም ሰሓቺ
—ሰነፍ ናቂ ፡ ደንቆሮ ሳቂ

ሕማቹ ነገር ፡ ኣብ ከብድኻ ቅበር
—መጥፎ ነገር ፡ ሆድህ ውስጥ ቅበር

ሕማቹ ናትካ ፡ ወሆይ ይብለካ
—የራስህ ሰነፍ አቤት ይልሀል

ሕማቹ ንፉዕ እንተወለደ ተቐልተ ፡ ንፉዕ ሕማቹ እንተወለደ ተዘምተ
—ሰነፍ ጐበዝ ከወለደ ታደለ ፡ ጐበዝ ሰነፍ ከወለደ ተዘረፈ

ሕማቹ አስላማይ ሎሚ ይኣልም ፡ ንዓመታ ይቕንን
—ሰነፍ እስላም ዛሬ ይሸምናል ፡ ለክርሞ ያጠነጥናል

ሕማቹ እንተመሽረ ፡ ዘብፀሐሉ ይስእን
—ሰነፍ ቢመክር ፡ የሚያደርስለት ያጣል

ሕማቹ እንተንግህ ፡ መንቀፅ ምስሉ
—ሰነፍ ቢማልድ ፡ ምሳውን ያደርቃል

ሕማቹ እንተዘይገበረ ፡ የማርር
—ሰነፍ ፡ ሳይሰራ ያማርራል

ሕማቹ እንታይ የምፅእ ፡ ማይ እንታይ የጉስፅ
—ሰነፍ ምን ያመጣል ፡ ውሃ ምን ያስገሳል

ሕማቹ ኳና ፈራሲ ፡ ዝጠመየ ሰብ ኮላሲ
—የማይረባ ካብ ፈራሽ ፡ የተራበ ሰው ጐራሽ

ሕማቹ ውሉድካን ፡ ሕማቹ ጥሪትካን ሓደ
—ሰነፍ ልጅህና ፡ መጥፎ ጥሪትህ አንድ ነው

ሕማቹ ዓራቓይ ነገር የዳግም ፡ ሕማቹ መስዓቲ ድራር የዳግም
—ሰነፍ አስታራቂ ነገር ይደግማል ፡ ሰነፍ አጋፋሪ ራት ይደግማል

ሕማቹ ዓራኻይ ነገር የዳግም ፡ ሕማቹ መፃወቲ ድራር የዳግም
—ሰነፍ ሚዜ ነገር ይደግማል ፡ ሰነፍ አጫዋች ራት ይደግማል

ሕማቹ ዘመን ፡ በዓል ጋዕሳ አለዋ
—ለመጥፎ ዘመን ፡ ባለ ግዜ አለው

ሕማቹ ይደቁስ ፡ ንፉዕ የፍኩስ
—ሰነፍ ያሰንፋል ፡ ጎበዝ ያቃልላል

ሕማቹ ጎረቤት ፣ ዝኣቱ እምበር ዝወፅእ ኣይርእይን
—መጥፎ ጎረቤት ፣ ገቢውን እንጂ ወጪውን አያይም

ሕማቹ ጎበዝ ተቓፃፂ ፣ ሕማቅ ስዋ መፃፂ
—ሰነፍ ጎረምሳ ይፎካከራል ፣ መጥፎ ጠላ ይኮመጥጣል

ሕማቕን ጠበቕን ፣ ርእሶም እናኸንከኑ ይነብሩ
—ሰነፍና ገበሎ ፣ ራሳቸው እንደነቀነቁ ይኖራሉ

ሕሚታኡ ዘይፈልጥሲ ፣ ዕንቱር ኸሙ
—የሚታማውን የማያቅ ፣ ችኮ ነው ስሙ

ሕሚትን መቕመጫን ፣ ብዳሓር ምዓሉ
—ሐሜትና ቂጥ ፣ ከወደኋላ ነው

ሕምባሻ'ማቶም ክጥምቱስ ፣ ጨሪሶም ከልቢ ኣውሰዱ
—የሰው አምባሻ ሲያዩ ፣ የራሳቸውን ጭራሽ ውሻ አስወሰዱ

ሕሞር ካብ መዓር ክበልዕ ፣ መፂዑ ተረፈ
—ሆመር ከማር ሊበልጥ ፣ ኮምጥጦ ቀረ

ሕሞር ጥዕምቲ ይብሉዋሞ ፣ ባሕሪ ወሪዳ መፀፀት
—ሆሞር ጣፋጭ ናት ይሉዋታል ፣ ግን ባህር ወርዳ ኮመጠጠች

ሕረስ ፣ ንኹልና ክሕሽ
—እረስ ፣ ለሁላችንም እንዲመች

ሕርማ ሎሚ ያሚጆ፣ ወደአቶ ጠጠሊጆ
—እርሚን ዛሬ ጠምቃ ፣ ጨረሰችው ጠልቃ ጠልቃ

ሕሱም ሓሙ ፣ ሰዊት ሓጋይ ይእዝዝ
—ክፉ አማች ፣ በበጋ እሸት ያዛል

ሕሱም ሓዘን የልምድ ቁዛመ ፣ ሕሱም ጥሜት የልምድ ጥልቁመ
—ከባድ ሓዘን እንጉርጉሮ ያስለምዳል ፣ ሃይለኛ ረሃብ መቀላወጥ ያስ ለምዳል

ሕሱም ሰጓጓይ ፣ ኣብ ግልዕ የብዕሕ
—ጨካኝ አባራሪ ፣ ዘወር ብሎ እስከ ማየት ያደርሳል

ሕሱም ቁሪ ፣ ምስ ዘይትፈትዎ የተሓቓቑፍ
—ሃይለኛ ብርድ ፣ ከማይወዱት ጋር ያስተቃቅፋል

ሕሱም ዳኛ ብኽንፈር ፣ ሕሱም ቁማል ብዘፈር
—ክፉ ዳኛ በከንፈር ፣ ክፉ ቅማል ዳርዳር

ሕሱም ፍቕሪ ፡ መናቕሪ
—ከልክ ያለፈ ፍቅር ፡ ያናቁራል

ሕቕ ሰበይተይ ሒዙ ዝለሀይሲ ፡ ኣይዓርኪ ኪዳነይን
—የሚስቴን ወገብ ይዞ የሚጨፍር ፡ ሚዜዬ አይደለም

ሕቡን ክዱን ፡ ፀብሒ እንጣጢዕ
—ኩሩ የተከደነ ፡ የተልባ ወጥ

ሕነ መን ክትብለኒ ፡ ኣብ ቅድሚት ትፀንሓኒ
—ለማን ብለህ ነው ፡ የምታጋፍጠኝ

ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት ፡ ሕነ ሃብታማት ንዘኽታማት
—ቀንዳሞችን ፈርተው ጉማማዎችን ፡ ሃብታሞችን ፈርተው ድሆችን

ሕነኡ ዘይፈዲ ፡ ወዲ ኣድጊ
—የማይበቀል ፡ የአህያ ልጅ ነው

ሕነ ፃዕዳ ክስታን ንፃዕዳ ኣምባ ፡ ሕነ ተዓንደር ንኺንደባ
—ለፃእዳ ክስታን የተባለ ለፃእዳ አምባ ፡ ለተአንደር የተባለ ለኳንደባ

ሕኑቕ ናይ ልቡ እንተተዛረበ ፡ ዝኣምኖ የብሉን
—የሚታኘቅ የልቡን ቢናገር ፡ የሚያምነው የለም

ሕኑቕ እንታይ የውፅእ ? ዓፍራ ፡ ጥሚት እንታይ የምፅእ ? ሳፍራ
—የታኘቀ ምን ያወጣል ? አረፋ ፡ ረሃብ ምን ያመጣል ? ችጋር

ሕንቁቕያ ቁልዓስ ፡ ናይ ኣቦታቱ መፃወቲኡ
—ቀበጥ ልጅ ፡ የአባቶቹን መጫወቻ ያደርጋል

ሕንቁቕያ ውሽማስ ፡ ዓይና ይስዕማ
—ቀበጥ ውሽማ ፡ ዓይን ይስማል

ሕንቁቕያ ድሙስ ሃብተጋብር ስሙ
—የቀበጠ ድመት ስሙ ሃብተጋብር

ሕንቁቕያ ጥንሲስ ኣብ ፡ ወርሑ ይለኪ
—የቀበጠ እርግዝና ፡ በወሩ ያስታውቃል

ሕንቅቕቲያ መርዓትስ ፡ ኣብ ጓን ሰብኣያ ትሸይን
—የቀበጠች ሙሽሪት በባሏ እቅፍ ላይ ትሸናለች

ሕካኽዘይብሉ ፀብሒ ኣይጥውምን፡ጭሕሚ ዘይብሉ ሰብኣይ ኣይጥውይን
—የድስት ጥራጊ የሌለው ወጥ አይጣፍጥም ፡ ጢም የሌለው ወንድ ጤና የለውም

ሕዛእ ማርያ ፡ ሰዓር ሐርያ ፡ ናይ ቀደም ዝፀንሐትያ
—በፍልሰታ ግሎሽ መከልከል ፡ በሃዋርያ መሻር ፡ ከድሮ የቆየ ነው

ሕዛእቲ ንዘይሐዊ ፡ ስዋ ንዘይጐዲ
—የተከለለ ግሎሽ ለማይድን በሬ ፡ ጠላ ለማይሮጥ

ሕያወይቲ ቀራሚትስ ፡ ዘዝቐደመ ናብ አፋ
—የዋህ ቃራሚ ፡ ቀድሞ ያገኘችውን ወደ አፏ

ሕያዋይ አይትበሎ ፡ ሕያዋየይ በሎ ፡ ሐሲኻ ዝብል አሎ
—የዋህ አትበለው ፡ የኔ የዋህ በለው ፡ ዋሸህ የሚል አለ

ሕያዋይ ሸምጋላይ ፡ የእቱ ናብ ቀላይ
—የዋህ አስታራቂ ፡ ባህር ውስጥ ያሰምጣል

ሕያዋይ ወላዲ ርስቲ ይሓድግ ፡ ሕሱም ወላዲ ውሕስነት ይሓድግ
—ደግ ወላጅ ርስት ያቆያል ፡ ክፉ ወላጅ ዋስትና ያቆያል

ሕደር ክብልዎ ዝአበየሲ ፡ አብ የሕድሩኒ ተመልሰ
—እደር ሲሉት እምቢ ያለ ፡ ተመልሶ አሳድሩኝ አለ

ሕዳር መማረሪ ፡ ሰነ መቋረሪ ፡ ሕዳር መናገሪ ፡ ጥሪ መሳኸሪ
—ህዳር ያስመርራል ፡ ሰኔ ይበርዳል ፡ ህዳር ያናግራል ፡ ጥር ያስክራል

ሕድርኺ ዝበልዋ ጎረቤት ፡ ትኸውን በዓልቲ ቤት
—አደራሽን ያሉዋት ጎረቤት ፡ ትሆናለች ባለቤት

ሕጊ ምስ ተተኽለ ፡ ምጥፍፋእ እውን ተጀመረ
—ሕግ እንደ ተተከለ ፡ ጥፋትም ተጀመረ

ሕጊ ዝበዝሐ ዓዲ ይነዲ ፡ ምሳር ዝበዝሐ ገረብ ይባዲ
—ሕግ የበዛበት አገር ይደኸያል ፡ መጥረቢያ የበዛበት ደን ይወድማል

ሕጊ ይነብር ተተኺሉ ፡ ሥርዓት ይነብር ተዛዊሩ
—ህግ ይኖራል ተተክሎ ፡ ስርአት ይኖራል ተዛውሮ

ሕፁይ ባዕሉ ይምርያ ፡ ምሉእ ባዕሉ ይክያ
—የታጨ ራሱ ይዳራል ፡ የሞላ ራሱ ይፈሳል

ሕፍረትመርዓት መብራህቲ ስጋብ ዝጠፍእ፡ሕፍረት ጥንሲ ስጋብዝደፍእ
—የሙሽሪት ሃፍረት መብራት እስኪጠፋ ፡ የእርግዝና ሃፍረት እስኪገፋ

ሕፍረት ዘይብሉ ጥሜት ፡ ብወርሒ ሕዳር ይመፅእ
—ሃፍረት የሌለው ረሃብ ፡ በህዳር ይመጣል

ሕፍረት ! ይብላ እምበይተይ መሸረፈት
—ወይ መዋረድ ! ይላሉ እመቴ ማርገብገብያ

መ

መህረሚ እንተልዩኒ ፡ ግልቢጥካ ህረመኒ ፡ በለቶ ጥንስቲ
—እምመታበት ካለ ፡ አገላብጠህ ምታኻ ፡ አለች እርጉዝ

መለሳ ጣይታስ ፡ ቡኩያ
—በእንጀራ ፋንታ ፡ ኮፈፍታ

መለበሚ አይግበርካ ፡ መለበሚ አይኽላእካ
—መማርያ አያርማህ ፡ መማርያ አያሳጣህ

መሊስካ እትሓፍሶ ፡ ተሃዊኽካ አይተፍስሶ
—ተመልሰህ ለምታፍሰው ፡ ቸኩለህ አታፍስሰው

መላእ ላም ዘላቶ ፡ ጎጎ ነይሓንቆ
—ክበድ ላም ያለው ፡ ደረቅ አያንቀው

መላኺኡ እምበር ፡ ፈላጢኡ አይትኹን
—የምታሸንፈው እንጂ ፡ የምታውቀው አትሁን

መላኺ ዘይብሉ ፡ ሰይጣን ይመልኮ
—አሸናፊ የሌለው ሰይጣን ያሸንፈዋል

መላጥ አይሰንትር ፡ ድውይ አይኾስትር
—መላጣ አያበጥር ፡ ቆማጣ አይጥረግ

መላፀ አይሕበጥ ፡ ንዝሓበጠ የምግል
—ምላጭ አይበጥ ፡ ያበጠን ያመግላል

መላፀ ዝወሓጠ ፡ ምውፃእ ትኽፍእ
—ምላጭ የቀጠ ፡ ማስወጣቱ ይጨንቀዋል

መልሓስ ሓቀኛ ደረቀኛ ፡ መልሓስ ነገረኛ ሎኽመኛ
—የሃቀኛ ምላስ ደረቅ ፡ የነገረኛ ምላስ ወስላታ

መልሓስ ኣብ ፅኑዕ ሰፊርኪ ፡ ንርእሲ ተስብሪ
—ምላስ ደህና ቦታ ተቀምጣ ፡ ጭንቅላት ታሰብራለች